# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 23 ዓመት ቁ.139 17 ጥሪ 2014 ዓርቢ ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ


ገጽ 3
"ዕደላ መሬትን ማሰርሕ ህንጻት ኣባይትን ስለምንታይ ደው ኣሉ"

ገጽ 4
ዝዘወደአ ገበናዊ ጉዳይ ዳግማይ ክረአ ሕጋዊ ባይታ ኣሎዲ ዶ?



ገጽ 5
ከሪ ዋሺንግተን



ገጽ 8



ብዛዕባ ክዳን እንታይ ትፈልጡ?

ገጽ 9
ኣብ ባህላዊ ስርሓትና እትተኩር ሰብኣበኛ




## ፕረዚደንት ሱዳን ዑመር ኣልበሽር፡ዑወግዓዊ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ንምፍጻም ኣስመራ ኣትዩ



ፕረዚደንት ረፓብሊክ ሱዳን ፊልድ ማርሻል ዑመር ሓሰን ኣሕመድ ኣልበሽር፡ኣብ ኤርትራ ወግዓዊ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ንምፍጻም ትማሊ 16 ጥሪ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ ኣስመራ ኣትዩ።

ፕረዚደንት ኣልበሽር ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣብ ዝበጽሓሉ፣ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ብሃገራዊ መዛሙርን ናይ ክብሪ ሰልፊን ዝተሰነየ ወግዓዊ ኣቀባብላ ገይሮምሉ።

ብድሕሪዚ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ዑመር ኣልበሽርን ናብ ቤት-መንግስቲ ብምምራሕ፡ ፈላሚ ርክብ ኣካይዶም።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ክልቲኦም መራሕቲ፡ዘጸንዕ ህዝባውን ታሪኻውን ዝምድናታት ናብ ዝለዓለ ብርኪ ብዛዕባ ዝምዕበለሉን ኣቓዲሙ ዝተበጽሐ ውዕላት ብዛዕባ ዝትግበረሉን ኩነታት ድሕሪ ምዝርራብ፡ ኣብ ሓያሎ ዓውድታት ሽርክነት፡ ዞባዊ ምዕባለታትን ንኽልቲኤን ሃገራት ዝገድሱ ካልኦት ጉዳያትን ተመያዪጦም።

## ተመሃሮ ላዕላይ-ጋሽ፡ ንዝተኸፍተሎም ዕድል ብግቡእ ተጠቒሞም ኣብ ሃገራዊ መደባት ቀላሲ ተራ ክጻወቱ ማዘኻኸሪ ቀረቡ

ተመሃሮ ንኡስ ዞባ ላዕላይ-ጋሽ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ንዝኸፈቱ ዘለዉ ናይ ትምህርቲ ዕድላት ብግቡእ ተጠቒሞም፡ ኣብ ሃገራዊ መደባት ቀላሲ ተራ ክጻወቱ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ምስ ተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ኢዳቢ - ንኡስ ዞባ ላዕላይ-ጋሽ ኣብ ዝተኻየደ ርክብ፡ ተጸዋዒ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ኣብቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ረዘነ ፍስሃ፡ መንግስቲ ዕድላት ትምህርቲ ንምስፋሕ ብዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ከይተረፈ ትካላት ትምህርቲ ተዋፊዶም ዜጋታት ማዕረ ዕድላት ይረኽቡ ከምዘለው ብምምልካት፡ ተመሃሮ ብቑዕ ፍልጠት ቀሲሞም ኣብ ሕብረተ-ሰቦም እወታዊ ጽልዋ ንምፍጣር ክጽዕሩ ኣተሓሳሲቡ።

ወኪል ሃማመተኤ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ዓብደልዋሰዕ ማሕኩም ብወገኑ፡ ተመሃሮን መንእሰያትን ቀዳሞት ተረባሕቲ ናይ'ቲ ዝካየድ ዘሎ መሰርሕ ምውዳድ ትካላት ትምህርትን ምስፋሕ ዕድላትን ምዃኖም ተገንዚቦም፡ ንዝረኸብዎ ዕድል ብግቡእ ክጥቀሙሉን መጻኢኦም ንምጥጣሕ ክጽዕሩን ጸዊዑ።

ተመሃሮ ዓንደብርሃን ኣስመሮምን ተስፋሂወት መንግስትኣብን ብግደኦም፡ ዕድላት ትምህርቲ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ብምኽፋቱ ብዙሓት ዜጋታት ናብ መኣዲ ትምህርቲ ክውሕዙ ከምዝበቕዑ ጠቒሶም፡ ተመሃሮ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ዘዋስኡሉን ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ዘዕብዩሉን ሃዋህው ንምሕያል፡ ኩሎም ኣካላት መንግስቲ ብውህደት ክሰርሑ ተላብዮም።

## ነበርቲ ደጋምር፡ ንዘህልዉ ዘለዉ ዲጋታት ኣብ ልምዓት ንምውዓል ምድላዋት ከምዘዘውሩ ገሊጾም

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ደጋምር - ንኡስ ዞባ ዒላብርዕድ፡ ኣብ ከባቢኦም ዝህልዉ ዘለዉ ዲጋታት ኣብ ደረጃ ምዝዛም ብምብጽሓን፡ ኣብ ከባቢአን ኣብ ዝርከብ መሬት ሕርሻዊ ልምዓት ንምኪያድ ምድላዋቶም ከምዝጻፈፉ ገሊጾም።

ህዝቢ፡ ዝሰላሰል ዘሎ መደባት ንምዕዋት ካብኡ ዝሕተት ንምምላእ ቅሩብ ምህላዉ ዝሓበሩ እቶም ነበርቲ፡ ቅድሚ ሕጂ ዋሕዲ ጽሩይ ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ኪጋጥሞም ምጽንሑ ጠቒሶም፡ መንግስቲ ንጸገሞም ዓቢ ቀላሕታ ሂቡ ስጉምቲ ስለዘወሰደ፡ ዝበርም ጸገም ዝስተ ማይ ተፈቲሑ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ክነቱሩ ከምዝጀመሩ ኣብሪሆም።

ኣቶ ጳውሎስ ክፍለ ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፡ ኣብ ደረጃ ምዝዛም ዝበጽሓ ዲጋታት ማሰርሕ ህንጻተን ንተመኩሮ ናይተን ኣቐዲመን ዝተሰርሓ ኣብ ግምት ዘእተወ ብምዃኑ፡ ህዝቢ ዝበዝሐ ዓቕሙ ኣብ ልምዓት ጀሪዱን ከውዕሎ ድሮ'ኸት ፈጠሩሉ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣቶ ኣሰረዲን ሓምድን ኣቶ በኹረጽዮን ተኽለን ብወገኖም፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ደጋምር - ውሓይዝ ከይገደቦ ውሕሱት መግቢ ክረግጹ ከምዝይከኣል ኣጸቢቖም ስለዝተገንዘቡ፡ ንዝረኸብዎ ዕድል ተጠቒሞም ንምዕዋት'ቲ መደብ ኣበርቲዖም ይሰርሑ ምህላዎም ገሊጾም።

ክኢላ ምዕቃብ ማይን ሓመድን መንእሰይ ዘርኣይ ኖር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ደጋምር ልዕሊ ሸድሽተ ሚልዮን ናቕፋ ወጻኢ ብምግባር ዝሰርሑ ዘሎ ትሕተ-ቅርጺ ከዝንቲ ማይ ኣብ ምዝዛም ከምዝበጽሐ ጠቒሱ፡ ኣብ ሩባ ገርበጬ'ኽ'ውን ተወሳኺት ዲጋ ንምስራሕ መጽናዕቲ ተኻዪዱ ንትግባረ ድሉው ምህላዉ ብምሕባር፡ ልዕሊ 25 ሄክታር መሬት ዓድ-ዑመር ክለምዕ መደብ ከምዘሎ ኣሺሩ።

## መንግስቲ ዘዋደዶ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝምስገን ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ተመሃሮ ኣዱብሓ ገሊጾም

መንግስቲ - ኩሉ ዜጋ ዕድል ትምህርቲ ንኽረክብ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ኣተኩሩ ሳላ ዘዋደዶ ኣብያተ-ትምህርቲ ትምህርቶም ብግቡእ ይከታተሉ ከምዘለዉ፡ ተመሃሮ ድሪት - ንኡስ ዞባ ኣዱብሓ ገሊጾም።

ንሳቶም ንኤረና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣብ ከባቢኦም ተደኩና እትርከብ ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ፡ ተሳታፍት ተመሃሮ ብሓፈሻ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ደማ ብፍላይ ክብ ኣብ ምባል ልዑል ኣስተዋጽኦ ትገብር ከምዘላ ብምምልካት፡ እዚ ከኣ መርኣያ ናይ'ቲ ዝምዝገብ ዘሎ ዕቤት ከምዝኾነ ኣብሪሆም።

ብቐረባ - ካብ ወለዶም ከይተፈልዩ ናይ ትምህርቲ ዕድል ምርካቦም ከምዝሐጎሶም ዝገለጹ ተመሃሮ መዋህብ ጀምዕን ኢብራሂም ዑሰማንን፡ ኣብ ትምህርቶም ተወዳደርቲ ብምዃን ጸለውቲ ኽኾኑ ድማ ጻዕርታቶም ከሐይሉ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

መማህር ሳልሕ መሓመድ-ዓሊ ብወገኑ፡ ሳላ'ቲ ተረሒዩ ዘሎ ዕድልን ምክትታል ወለድን ተሳታፍት ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናዓበየ ይመጽእ ከምዘሎ፡ ተሳታፍት ደቂ-ኣንስትዮ'ውን ርኡይ ምዕባለ ከምዘመዝገበ ብምምልካት፡ ትምህርቲ ከምፕዩተርን ኣገልግሎት ቤት-ንባብን ምስ ዝተኣታቶ ፍልጠትን ብቕዓትን ተመሃሮ ኣብ ምብራኽ ሓጊዚ ስለዝኾነ፡ ክሕሰቦሉ ኣዘኻኺሩ።

ርእሰመማህር ቤት-ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ድሪት መማህር ሳልሕ ሓምድ ብግደኡ፡ ምዕሩይ ዝርግሐ ኣገልግሎት ትምህርቲ ምርግጋጽ ካብ ቀንዲ ዕላማታት መንግስቲ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ መባእታ ጸቡቕ'ኳ እንተሎ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ግን ሓሓሊፉ ብሰንኪ መርዓ እናነከየ ይመጽእ ስለዘሎ፡ ኣብ ወለዲ ሓያል ንቕሓት ክፍጠር ተላብዩ።

# "ብኽብርታት ሕብረተሰብና ዝኽበሩ ወፋያት መንእሰያት፡ መሰረት ዓወታት'ዮም" ኣቦመንበር ሃማመተኤ





ብኽብርታት ሕብረተሰብና ዝኽበሩ ወፋያት መንእሰያት፡ መሰረት ኩሉ ዓወታት ከምዝኾኑ፡ ስለዚ ድማ ሓያል ስራሕ ይሰላሰል ከምዘሎ፡ ኣቦመንበር ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ገለጸ።

'ኣውዳድባን መድረኻዊ ብድሆታትን ሃማመተኤ' ብዝብል ኣርእስቲ ንመንእሰያት ከተማ ከረን ኣብ ዘካየዶ ሰሚናር ኣቶ ሳልሕ፡ ብልጫታትን ድኽመትን መንእሰያትን ማሕበርን ድሕሪ ምግምጋም፡ ምስ ምንቃሕ፡ ምውዳብን ምዕጣቕን ዝተታሕዙ መደባት 2014 ብሰፊሑ ኣብሪሁ።

ኣቶ ሳልሕ ኣብ መብርሂኡ፡ ሃማመተኤ ንልኡላውነት፡ ልምዓት፡ ፍትሕን ማዕርነትን ብቐንዱ ድማ ንረብሓን መሰልን መንእሰያት ዝቃለስ ሃገራዊ ማሕበር ምዃኑ፡ ራእዩ ድማ ንቑሕ፡ ወፋይን ብቑዕን መንእሰይ ምፍራይ ምዃኑ ብምሕባር፡ ነዚ ዕላማዚ ንምሰማር ብዝለዓለ ይጥርፍ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣቶ ሳልሕ ኣስዒቡ፡ መንእሰያት ዝገጥሞም ብድሆታት ገጢሞም ክብርታት ሕብረተሰቦም ብምዕቃብ ንረብሓ፡ ሰላምን ብልጽግናን ሃገር ክሰርሑ መድረኽ ዝጠልቦ ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረብሉ ሕቶታት መለሰ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ መድረኻዊ ዕማም ማሕበርን ሃገርን ክውን ንምግባር ካብኦም ዝጥለብ ከማልኡ ድሉዋት ምዃኖም ብምግላጽ፡ ነዚ ንምድንፋዕ ዝሕግዙ ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

## ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ምጥርናፍ ዓድታት ልዑል ኣበርክቶ ይገብራ ከምዘለዋ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ፊልኮት ገለጾም

ብዕጥዒኡ ዝዋደድ ዘሎ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ኪ.ጆ'ቲ ዝሀቦ ኣገልግሎት ፋሕ ዝበለ ዓድታት ኣብ ምጥርናፍ'ውን ዕዙዝ ተራ ይጻወት ከምዘሎ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ፊልኮት - ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ገሊጾም።

"ንረኽቦ ዘሎና ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ወጽኢት ናይ'ቲ ንርሑቕ ገጠራት ኣተኩሩ ዝሀብ ፖሊሲ ልምዓት'ዩ" ዝበሉ ኣቶ ዐሶማን ማሕሙድን ወይዘሮ ሱትል መሓመድ-ሰዒድን፡ ቅድሚ ሕጂ ፈቐዶኡ ፋሕ ኢሎም ብምንባሮም መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ተሓሪምዎም ምጽንሖም ጠቒሶም፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ቤት-ትምህርቲ፡ መደበር ጥዕናን ፕሮጀክት ጽሩይ ዝስተ ማይን ስለዝተዋደደሎም ርጉእ ሂወት ይመርሑ ከምዘለዉ ሓቢሮም።

ንሶም ኣስዒቦም፡ ቅድሚ ሕጂ ዝስተ ማይ ንምርካብ ኣስታት 4 ሰዓታት ክጓዓዙ ይግደዱ ምንባሮም ብምዝካር ድማ፡ ብፍላይ እቲ ብጸሓያዊ ጸዓት ዝሰርሕ ፕሮጀክት ማይን ባዕከን ኣብ ምጥርናፎም ልዑል ተራ ከምእተጻወተ ኣብሪሆም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ፊልኮት ኣቶ መሓመድ ኣደም ማሬሕ ብወገኑ፡ ኣብ 2006 ብዝተኻየደ ጎስጓስ ህዝቢ ኣብ ማእከላይ ቦታ እናተጠርነፈ ተኻፋሊ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክኸውን ከምዝበቕዐ ጠቒሱ፡ ዛጊት ብሰንኪ ሰበኽ-ሶግማዊ መትከብር ኣብ ዕድል'ዚ ዘይረኸቡ ስድራ-ቤታት ንኽጥርነፉ ዝካየድ ጎስጓሳት ብዘሓየለ ክቕጽሉ ምዃኖም ብምግላጽ፡ ዝተዋደደትሎም ትካል ጥዕና ካብኦም ሓሊፉ ንምምሕዳራት ከባቢ ቀላመትን ኣይጣሓልን'ውን ተገልግል ምህላዋ ኣረዲኡ።

ምምሕዳር ከባቢ ፊልኮት፡ ብሕርሻን መጓሰን ዝናበራ 10 ሽሕ ስድራ-ቤታት ይነብራኣ።

## ነበርቲ ሃዘርደዋር፡ ከም ዝመርሖ ከባቢያዊ ጽሬት ብምትእትታው ተርእዮ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምንካይ ክሰርሑ ምዃኖም ኣረጋጊጾም

ነበርቲ ሃዘርደዋር - ንኡስ ዞባ ጎደይ፡ ከም ዝመርሖ ከባቢያዊ ጽሬት ብምትእትታው ኣቦታትን ኣደታትን ብሰንኪ ጉድለት ጽሬት ካብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ንምክልኻል ብዝለዓለ ክሰርሑ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ሓላፊ ማእከል ጥዕና ንኡስ ዞባ ጎደይ መንእሰይ ባህለም ጥዑምዝጊ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብቐጻሊ ዝወሃቡ ዘለዉ ንኣገዳስነት ከም ዝመርሖ ከባቢያዊ ጽሬት ዘኩልሑ ጎስጓሳትን ኣስተምህሮታትን ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ምብራኽ ልዑል ተራ ስለዝበርክቶ፡ ብዙሓት ዓድታት ተጠቀምቲ ዓይኒ-ምድሪ ብምዃን ኣብ ምግታእ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣስተዋጽኦ ከምዝገብራ ብምምልካት፡ እቲ መደብ ኣብ ኩለን ዓድታት ንምስፍሑ ይሰራሓሉ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ ሓላፊ ከባቢያዊ ጽሬት ኣቶ ዓብዱ ያቆብ ብወገኑ፡ ብምውህሃድ ህዝቢ፡ ምምሕዳራትን ሰብ ሞያ ጥዕናን ዝተኻየዱ ዘለዉ ንጥፈታት ከባቢያዊ ጽሬት፡ ኣብ ምንቅልቃል ተርእዮ ተመሓላለፍቲ ሕማማት እወታዊ ተራ ይጻወቱ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ሃዘርደዋር ኣካል ናይ'ዚ ክኾኑ ምብቅዖም፡ ህዝቢ ኣብቲ መደብ ዘለዎ ኣፍልጦ ይዓቢ ከምዘሎ ዘጽር ምዃኑ ገሊጹ።

በዓል ሞያ ከባቢያዊ ጽሬት መንእሰይ ኤፍሬም ብርሃ ድማ፡ ብልዑል ተሳትፎ ህዝቢ ዝሰርሑ ዘለዉ ዓይኒ-ምድሪ ኣብ ምግታእ ተመሓላለፍቲ ሕማማት እወታዊ ተራ ስለዘለዎም፡ እቲ መደብ ብሰፊሑ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ።

## ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናብ ርሑቕ ገጠራት ንምብጻሕ ዝተኻየደ ጻዕሪ ዘተባብዕ ወጽኢት ከምዝረኸበሉ፡ ነበርቲ ደባርዋ ገለጾም

ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ዓዲ-ፊልስቲ፡ ዓዲ-ናህባይ፡ ጉላኣሕፈራ፡ ማይ-ድማን ጣዕና -ንኡስ ዞባ ደባሩዋ፡ መንግስቲ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ብቑዕ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ዘካየዶ ጻዕሪ ወጽኢታዊ ምዃኑ፡ ኣብ ህይወቶም ዝመጸ እወታዊ ለውጢ ድማ መርኣያ ናይ'ዚ ከምዝኾነ ገሊጾም።

ንሶም ኣብ ዝገለጹ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደባርዋን ሓለፍቲ ጨናፍር ሚኒስትሪታትን ብ8 ጥሪ ምስ ዓበይቲ ዓዲ'ተን ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ዓዲ-ፊልስቲ ኣብ ዝገበርዎ ርክብ'ዩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ኣቶ ኣብራሃም ተካ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ኣብ 2013 ኣብቲ ንኡስ ዞባ ንዝተሳለጠ መደባት ልምዓትን ተሳትፎ ህዝብን ኣመልኪቱ ድሕሪ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ 2014 ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ናይ ምስልሳል መደብ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ህዝቢ ተዋዲዱሉ ዘሎ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ከዕቅቦን ብግቡእ ክጥቀመሉን ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘካየዶ ዘሎ ንጥፈታት ድማ ከሐይሎ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ደባርዋ መጀር ክፍለማርያም ገብረክርስቶስ ብወገኑ፡ ህዝቢ ዝሰተማቕሮ ዘሎ ብሪዝን ማሰዋእቲ ዝተረጋገጸ ሰላምን ቅሳነትን ክዕቅብ ከም'ኡ'ውን ጉዳያቱ ብምርድዳእን ዕርቅን ክፈትሕ ብምዝኽኻር፡ መንእሰያት ተኸፊቱሎም ዘሎ ናይ ትምህርቲ ዕድል ብግቡእ ተጠቒሞም ብቑዓት ዜጋታት ክኾኑ ከጽዕሩ ተላብዩ።

ወይዘሮ ለተጼን መንግስትኣብ፡ ኣቶ ነጋሽ ሃብተጼንን ኣቶ ካሕሳይ በርሀን ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ዝኣተዮም መደበር ጥዕና ንነበርቲ ብሓፈሻ ነደታትን ህጻናትን ድማ ብፍላይ ዝምስገን ኣገልግሎት ትህብ ከምዘላ ብምሕባር፡ ንዝወሰኽ ዘሎ ብዝሒ ተገልገልቲ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ወሰኽ ሰብ ሞያ ጥዕናን ኣምቡላንስን ክሕሰበሉ ኣዘኻኺሮም።


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247
hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 125394-08204224

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጺጋይ
ሳምራዊት መለስ
ኤደን ዘርኢጋብር

# “ዕደላ መሬትን ማሰርሕ ህንጻት ኣብይትን ስለምንታይ ደው ኣሉ”

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

***ክቡራት ኣንበብቲ - ሚኒስተር መሬት፣ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሰ ኣብ ዞባታት ጋሽ ባርካ፣ ማእከልን ደቡብን ናይ ዘካየዶ ሰፊሕ ሰሚናር ጸሚቕ ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ብተኸታታሊ ከም ዝቐረብናልኩም ይዝከር። ሎሚ ድማ ካብ ህዝቢ ዝቐረቡ ሕቶታትን ርእይቶታትን ከምኡ'ውን መልሲ ሚኒስተር ተስፋይ ነቕርብ፣ ሰናይ ንባብ–***



***ገ/መስቀል ያረድ ካብ ዓዲ ንእምን (ካብ ሎጎ ዓንሰባ)፦ ሰብ ምእንቲ እዛ መሬት እዚኣ ዘኽበረት ሂወቱ ኣብ ትሕቲ መሬት ኣሰፊሩዋ። ጉዳይ ምሕደራ መሬት ካብ ዘሸገረናን ዘቑላሕረናን ጸገም ሓደ እዩ፣ ብዝቖመ ኮሚተ ተመምዩ ንትካል ተባሂሉ መሬት እናተዋህበ፡ ብትሕተ ቅርጺ ዘይተመርሐ ገዛውቲ ይስራሕ ኣሎ። እዚ ድማ ጸባሕ ንጉሆ ጸገም ክፈጥረልና እዩ፣ ምናልባት ድሕሪ ዓሰርተ ዓመት ነበርቲ ናይ ዓድና 10 ሽሕ ክኸውን ንኽእል ኢና። እቲ ሕጂ ዘሎ ኣወሃህባ መሬት ግን ምስ ቀጻሊ ዕቤትን ብዝሒ ህዝብን ናይ'ዛ ዓዲ ዘየሳኒ እዩ፣ ኣሰራርሓኡ'ውን ብ(ሕጋጋት) ትሕተ ቅርጺ ዘይምራሕ ስለ ዝኾነ ጸገማት ይፈጥር ኣሎ።***

***ጸቡቕ ዕድል ኮይኑ ሰለስተ ግዜ ማስተር ፕላን ተዋሂቡ፣ እቲ ናይ ኣብይቲ ምህናጽ ጉዳይ ግን ኣሻቒሉና ኣሎ። ብፍላይ እቶም ክብሪ ናይ'ዛ ሃገር ንምዕቃብ ፈቐዶኡ ኣብ ግንባር ዘለዉ መንእሰያት ዕረፍቲ ኣብ ዝረኸቡሉ ኣብ'ቲ ብስም ተመሪሑ ዝተዋህቦም መሬት በዘየምዝኡ መጽለሊኦም ክይሰርሑ፣ እቲ ናይ ምህናጽ ስራሕ ደው ብምባሉ ኣሻቒሉና ኣሎ።***

***በረኸት ተስፋማርያም ካብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን፦ ምህናጽ ኣብይቲ ደው ይበል ካብ ዝበሃል ዳርጋ ሓሙሽተ ሸዱሽተ ዓመታት ገይሩ ኣሎ። ብሕጂኸ እንታይ መፍትሒ ክግበር ተሓሲቡ ኣሎ?***

***መርየም ዓብደልባቒ ካብ ንኡስ ዞባ እምኒ ሓይሊ፦ ዝተዓደለ ህንጻታት ተዓዲሉ ከብቕዕ ምኽንያት ደው ምባሉ መንግስቲ እንታይ ይብል? ኣብዚ ምስራሕ ትሕተ ቅርጽን ምምሃብል ገጠራትን ሓወሲ ከተማታትን ብዘለዓለ ደረጃ ተታሓሒዙሉ ዘሎ እዋን'ዩ ደው ክብል ዝተደልየሉ ምኽንያት ክንፈልጥ ብንጹር ክንገረና።***

***እቲ መሬት ዝተዓደሉ ሰብ ህንጻ ደው ብምባሉ፣ ዝተዋጦ መሬት ኣብ ጥቕሚ ከየውዓሎ ኣብ ምኽፋል ግብሪ ጥራይ ኣሎ። ሕጂ እውን ይዝረብ ደኣ ኣሎ እምበር ይፍታሕ ኣይኮነን ዘሎ። ብዛዕባ ምስራሕ ገዛ የተሓሳስበና ኣሎ'ሞ እንታይ ፍታሕ ክግበር እዩ?***

***ርእሶም ገብረሃደህን ካብ ተሰነይ– ወላ'ውን ኣብ'ቲ ፕላን ዝወጽኣሉ ቦታታት ህንጻ ንኸይሰርሕ ተኸልኪሉ ኣሎ። ፕላን እንተ ወጺኡዎ ንምንታይ ሰብ ክሰርሕ ዘይፍቀደሉ? እቲ ቀደም እኳ ወረር ኔይሩ፣ ኣብ ውግእ ነይርና ክንብል ንኽእል ኢና። ሕጂ ግን ሰላም ኢና ዘለና። ኣብ'ዚ ሰላም ዘለናሉ እዋን እንተ ዘይሃኒጽና ደኣ መዓስ ኢና ክንሃንጽ?***



***ኣስመራት ተኽለሃይማኖት ካብ ባረንቱ፦ ምስራሕ ህንጻ ደው ይበል ተባሂሉ፣ ግን ናይ ሃብታማት እዩ ኩይኑ ዘሎ። ሌጣ መሬት ምሻጥን ምልዋጥን ብሕጊ ክልኩል ከም ዝኾነ እውን ሎሚ ዘይኮነስ ዓመት ዓመት ዝዝረብ እዩ፣ መሬት ምሻጥ ግና ደው ኣይበለን። “ከምዚ ክንገብር ኢና” እናተባህለ ንዘይትግበር ዓመት ዓመት መብጽዓ ምእታው ስለ ዘውሓሰ ድማ ንህዝቢ የሕልኽዮ ኣሎ። ፍታሕ ክግበር ኣለዎ። ህንጻ እውን ደው ኣይበለን፣ ብውሽጢ ውሽጢ ብጸላም ብብርሃን ይሰርሑ ኣለዉ። እቲ ዝሃንጽ ዘሎ ንመን ወይ እንታይ ስለ ዝሓዘ እዩ? ኩሉ ሰብ ድማ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር እዩ ዘሎ። እቲ ድኻ ጥራይ'ዩ ንሕጊ ዝጸበ ዘሎ እምበር፣ እቲ ዝዕምኾን ዝዓምኾን ይሰርሕን ይሰሕን ኣሎ። ህንጻ ክፍቀድ ነይሩዎ፣ ደው ይበል እንተ ተባሂሉ ድማ ኩሉ ሰብ ደው ክብል ነይሩዎ።***

***ሓጂ ዑስማን ማሕሙድ ካብ ዓዲ ቐይሕ– ኣብ ውሽጢ ዓዲቐይሕ ጸቢብ መሬት ኣሎ፣ እቲ ገዛውቲ ውሑድ - ህዝቢ ድማ ብዙሕ ስለ ዝኾነ ብተወሳኺ እውን ብዙሕ ህዝቢ ናብ ከተማ ይውሕዝ ስለ ዘሎ፣ ብመንግስቲ ክሳብ ዝኣወጅ ጠጠው በሉ ስለ ዝተባህለ እቲ ህዝቢ ንዕቀት ናይ መንግስቲ ወይ ሕጊ ዘይኮነስ፣ ብገዛ ምስ ተጸገመ ብዓቕሊ ጸቢት ዝኣክል ለይቲ እዩ ገዛኡ ዝሰርሕ ዘሎ። ብተብተብን እናተሓብኣን ዝተሰርሐ ገዛ ከኣ ካብ ጥቕሙ ሳዕቤኑ ስለ ዝበዝሕ፣ ንጽባሕ ሸግር ከም ዝፈጥር ብሩህ እዩ። ብተወሳኺ እውን ምስ ዘሎ ክብሪ ክራይን ስራሕ ጠጠው ምባሉን መንእሰይ ኣብ ዘይተደለየ ሰርቃን ቁማርን ይዋፈር ስለ ዘሎ ዓቢ ቀላሕታ የድልዮ ኣሎ።***

ብዛዕባ መሬት ተዓዲልና ፕላን እውን ወጺኡዎ ግና ናይ ምስርሑ ፍቓድ ደንጉዩና ዝበሃል ዘሎ ሕቶ፣ ማስርሕ ህንጻት ተሰናኺሉ ከም ዘሎ ንፈልጥ ኢና። ብሰንኪ ህንጻት ደው ምባሉ ብዛዕባ ዝዋገር ዘሎ ዝተፈላለየ ዘይሕጋዊ ተግባራት እውን ሓበሬታ ስለ ዝመጽኣና ደርዲኣና እዩ። በዚ ስሚንቶ ይመጽእ'ሞ ዓድጉ ይበሃል፣ ተንዲና እንተ መጺኡ እውን ዓድጉ ይበሃል እዩ። ገዚእካ ወይ ቀሪቡካ እንተ ዘይሰሪሕካዮን ዘይተጠቐምካሉን ክሳራ እዩ። ስሚንቶ ገዚእካ ኣብ ስራሕ እንተ ዘየውዓልካዮ፣ ናብ ደንጎላ ምስ ተቐየረ ክሳራ ምዃኑ ዘይንፈልጥ ኣይኮንናን። መንግስቲ እውን ዘይርደኦ ኣይኮነን። ኣነ ኣባል መንግስቲ እየ። እቲ ዘለና ድኽመትን ዘይወሃሃድ ኣሰራርሓን ከልግሎ ኣለና። ብዛዕባ'ቲ ብዘይፍቓድ ዝስራሕ ዘሎ ገዛውቲ እውን ዘይንፈልጦ ኣይኮንናን።

ህንጻ ንዝተወሰነ ግዜ ደው ምባሉ ምስ'ቲ ዘሎ ክብሪ ናውቲ ህንጻ ክስራሕ ከም ዘይክእል ስለ ዝተገመተ'ዩ። ምስ ዝጸንሓና ጸገም ኤሌትሪክ፣ እታ ትሰርሕ ዝነበረት ፋብሪካ ስሚንቶ ጠጠው ኢላ። ስለ ዝኾነ ድማ ዋጋ ስሚንቶ ኣብ ዕዳጋታት ክሳብ ክንደይ ክቡሩ ከም ዝነበረ ኩላትና እንፈልጦ እዩ፣ ዚ ንምፍታሕ ኣብዚ ቀረባ እዋን ንፋብሪካ ስሚንቶ ዘንቀሳቕስ ጀነሬተር ተገዚኡ ኣብ ምትካል ይርከብ ኣሎ። እዚ ንገዛእ ርእሱ ነቲ ስራሕ ከቃልሎ እዩ፣ ምኽባር ዋጋ ኣብ ሕብረተሰብና ዝፈጥሮ ጸገም ከም ዘሎ ስለ እንርደኦ ብዝሓሰረ ዋጋ ዝስረሓሉ መንገዲ ንምፍጣር'ዩ ማስርሕ ህንጻት ንዝተወሰነ እዋን ደው ክብል ተደልዩ። ብተወሳኺ'ውን ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ስርሑ ዝጀመረ ፋብሪካ ሕጡብ ኣሎ። እዚ ስርሑ ምስ ጀመረ'ውን ነቲ ስራሕ ከቃልሎ እዩ። መንግስቲ ህዝቢ ናውቲ ህንጻ ብተመጣጣኒ ዋጋ ንኽረኽብ ይሰርሓሉ ኣሎ። ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክጅመር ድማ ተስፋ ንገብር። ንግዚኡ ዘይኮነስ ብዘዶማዊ መንገዲ ንኽሰርሕ እዩ እቲ መንግስቲ ዝጸቐጠሉ።

ብዛዕባ ዝግበር ዘሎ ዘይሕጋዊ ምስራሕ ኣብይቲ ምምሕዳራት ናብ'ቲ ዝለዓለ ኣካል በብእዋኑ ሓበሬታ ክቕርቡ ኣለዎም። እዚ ዶብ ክግበረሉ ኣለዎ። ነቲ ዘደሊ ኣገባብ ሓሊፉ ዝኸይድ ዝነበረ ስራሓት ንምዕጋት ዝወሃብ ውሳኔ ክህሉ ከም ዘለዎ ክኣ ንሓስብ ኢና። ማስተር ፕላን ተዳልዩ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ፍታሕ ክግበረሉ ከኣ ንጽበ።

ብዛዕባ ዝዓምኹን ዘዕምኹን ይሰርሑ ኣለዉ ዝበሃል ዘሎ፣ ንኹላትና ዝምልከት ሕቶ'ዩ። እዚ ህዝቢ'ዚ ነቲ ዝኽኣል ዘይመስል ክኢሉ ናጽነት ዘምጽአ ህዝቢ እዩ። ብዙሓት ምእንቲ እዛ መሬት ሂወቶም ከፊሎም እዮም። ከምዚ ዝኣመሰሉ ነገራት ኪጋጥሙ ከለዉ ዝዕዘብ ሰብ ዝዳጐ ወይ ክዛረብ ዘይክእል እንተ ደኣ ኾይኑ፣ ነቲ ናጽነት ንኽረጋግጹ ዝሓለፉ ሰማእታት እውን ጸረፈ'ዩ። ክዕሙኽ ወይ ኽዕሙኽ ዝተራእየ ወይ ዝተፈልጠ እንተ ሃልዩ፣ ኣድላዪ ስጉምቲ ምእንቲ ክውሰዶ ክቃላዕ ኣለዎ። ከምኡ ክንገብር እንተ ዘይክኢልና ካልእ መፍትሒ የለን። እቲ ዝሓቐፍን ዘሕቀፍን ዝበሃል ዘሎ ኣብ ውሽጥና እዩ ዘሎ። ኩሉ ሰብ ድማ ምእንቲ ማሰሉ ደው ክብል ኣለዎ። እዛ ሃገር ሕልፈ እትብጽሓ ዜጋ የለን። ስለ'ዛ መሬት ናይ ምሉእ ህዝቢ መስዋእቲ እዩ ተኸፊሉ። ሕጂ'ውን ናጽነት እዛ ሃገር ንምርግጋጽ ኣብ ፈቐዶ ግንባራት ደው ኣሉ ኣሎ። ጉዳያት ብዛዕባ ዝሰልጥ እንተ ኾይኑ፣ ብዝረባ ጥራይ ዘይኮነ ተፈሊጡን ተሓቢሩን ስጉምቲ ክውሰዶ እዩ እቲ መፍትሒ።

ይቕጽል



# ሕግን



# ሕብረተሰብን



ሳሙኤል ገብረብርሃን

## ዝተወደአ ገበናዊ ጉዳይ ዳግማይ ክረአ ሕጋዊ ባይታ ኣሎዶ?

*ናይ ገበን ጉዳይና ኣብ ቅድሚ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ግቡእ መስርሕ ሓሊፉ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ተዋሂዎ እዩ። ዝተዋህበ ውሳኔ ኸኣ፤ ዘይቅኑዕ ኮይኑ ሓሲበ - ኣንጻረይ'ዩ ተዋሂቡ። "ገበነኛ" ኢኻ ተባሂለ፡ ጉዳይና ድሕሪ ምውዳኡ ዝረኸብኩዎ ሓቅታት ግን፤ ኣንጻረይ ንዝተዋህበ ውሳኔ ብምሉእ ናብ ረቡሓይ ዝቕይር እዩ'ሞ፤ ዝተወደአ ገበናዊ ጉዳይ ዳግማይ ክረአ ሕጋዊ ባይታ ኣሎዶ?*

*ኪዳማርያም ክፍለዝጊ - ደቀምሓረ*

ዝኸበርካ ኪዳማርያም፡ ኣልዒልካዮ ዘለኻ ነጥቢ ኣብ ዝተመሓየሸ መስጋገሪ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ኤርትራ ተገሊጹ ምስ ዘሎ ኣምር፡ 'ማሰል ዳግመ-ምርኣይ ፍርዲ' ዝተኣሳሰር ሕቶ እዩ። ብቐጥታ ብዛዕባዚ ኣምር ቅድሚ ምዝራብ፡ ፈለማ ብዛዕባ መስርሕ ድጓት ዝምልከት ሓጺር መብርሂ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ማለት፡ ቤት ፍርዲ ኩሉ ግዜ ኣብ መርትዖ ማሰረት ጌሩ'ዩ ዝኸውን ትእዛዝ ወይ ውሳኔ ዝህብ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ተኸራኸርቲ ኩይኖም ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ዝቐርብ ዝኾነ ወገን ቤት ፍርዲ ክኣብረሉ ንዝሓቶ ነገር "ክሕግዘኒ ይኽእል'ዩ" ኢሉ ብዝኣምኖ መርትዖ ጥራይ'ዩ ከሰንዶ ዝኽእል። ከሳሲ ይኹን ክሱስ ንጉዳዩ ዝድግፍ መርትዖ ከቕርብ ከኣ ግዴታኡ እዩ። እዚ ግዴታ'ዚ እንተሎው፡ ተኸራኸርቲ ወገን "ክሕግዘኒ ይኽእል'ዩ" ዝበሎ መርትዖታት ናብ ቤት ፍርዲ ብዘይምቕራቡ ዝመጽእ ሳዕቤናት ግን ባዕሉ'ዩ ዝስከሞ። ከምቲ ዝተጠቕሰ ኸኣ፡ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝቐረቡሉ መርትዖታት ማሰረት ጌሩ ስለዝኾነ ውሳኔ ዝሕልፍ፡ ተኸራኸርቲ ወገን ከቕርቦ ዝዀነሉ መርትዖ ዋላ ኣየቕርብ፡ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ቤት ፍርዲ ዝወሰኖ ከም ርትዓውን ፍትሓውን'ዩ ዝቖጸር። እዚ ደኣ ይኹን'ምበር እቲ መሰረታዊ መምርሒ፡ ኣብ ገለ ኩነታት ብቤት ፍርዲ ንዝወሰነ ገበናዊ ጉዳይ ዳግማይ ዝርኣየሉ ኣጋጣሚታት ግን የለን ማለት ኣይኮነን። እዚ ኸኣ ብቐጥታ ምስ ማሰል ዳግመ-ምርኣይ ፍርዲ ዝተኣሳሰር እዩ። ኣብ መስጋገሪ ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ኤርትራ (ዓንቀጽ 217 ከምኡ'ውን ዓንቀጽ 90ን 91ን ናይ 8ይ ክፋል ሕጊ ገበናዊ ስርዓት ህ.ግ.ሓኤ) ዳግመ-ምርኣይ ፍርዲ ክበሃል እንከሎ፡ ሓደ ገበናዊ ጉዳይ ሕጊ ዝጠልቦ መስርሓት ኩሉ ሓሊፉ ፍርዲ ምስ ተዋሀቦ፡ ኣብዞም ዝስዕቡ ፍሉያት ኩነታት፦

1. እቲ ፍርዲ ብናይ ሓሶት ምስክር ወይ ብናይ ሓሶት ናይ ክኢላ ርእይቶ፡ ወይ ብዘተተምየነ ጽሑፍ (ሰነድ) ዝተዋህበ እንተኾይኑ

2. እቲ ዝተዋህበ ፍርዲ ወጻኢት ናይ ገበናዊ ተግባራት ወይ ናይ ስልጣን ብዘይ ቅጥዒ ምጥቃም ናይ ኣቦት ምምሕዳር ፍትሒ ምስ ዝኸውን

3. ነቲ ዝተፈርደ ሰብ ናጻ ከወጽእዎ ዝኽእሉ ሓደስቲ ሓቅታትን መርትዖታትን እንተቐሪቦም

ኣንጻሩ ፍርዲ ዝተዋህበ ወገን፡ እቲ ጉዳይ ተኸፊቱ ዳግማይ ክፍተሸሉን ክምርመረሉን ንላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ጥርዓን ከቕርብ ማሰል ዘውህቦ ሕጋዊ ኣገባብ እዩ። ስለዚ፡ ዝኸበርካ ሓታቲ፡ ክቡ ኣሎም ዝተጠቕሱ ነጥብታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብድኅብድቡ ድሕሪኻ ዝረኸብካዮ ሓደሽ መርትዖ ማሰረት ጌርካ ጉዳይካ ዳግማይ ክረኣየልካ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ጥርዓን ከተቕርብ 'ማሰል ኣለካ ወይ የብልካን' ንምፍላጥ ኣጋጣሚኻ እንተኾኑ ብመንጸር ኣቐዲሞም ዝተገልጹ መምዘኒታት ግን እቲ ዝረኸብካዮ መርትዖ ካብቶም ክቡ ኣልና ዝጠቐስናዮም ነጥብታት እንተደኣኺኾይኑ ግን ማሰል ዳግመ-ምርኣይ ፍርዲ ተጠቒምካ ጉዳይ ዳግማይ ክረኣየልካ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ጥርዓን ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።



## ምቁራጽ ውዕል ስራሕ ብስምምዕ ተወዓዓልቲ ብኸመይ ደዩ ክፍጸም ዘለዎ?

*ወኒ ናይ ሓደ ብሕታዊ ትካል እየ። ኣብ ትካለይ ነዊሕ ክትሰርሕ ዝጸንሐት ሓንቲ ሰራሕተኛ ኣላ። ስራሕ ዝሕልሕል ስለዝነበረ፤ ብስምምዕ ስራሕ ከምእነቋርጽ ኮይና። ድሕሪ ግን፤ 'ካብ ሕጊ ወጻኢ ብዝኾነ ኣገባብ ካብ ስራሕ ስለ ዝተሰናበትኩ፤ ናብ ስራሕ ክምለስ ወይ እኹል ክፍሊት ክወሃበኒ እንተዘይኪኢሎም ክሲ ክምስርት እየ' ዝብል ምልክታ ኣቕሪባትለይ። ሕጂ ክሓቶ ዝደሊ፤ ሕጋዊ ምቁራጽ ውዕል ስራሕ ብስምምዕ ተወዓዓልቲ ብኸመይ ደዩ ዝፍጸም? ኣንጻረይ ክሲ ክትምስርት ከ ሕጋዊ መሰረት ኣለዋ ደዩ?*

*ኣኽሊሉ - ኣስመራ*

ዝኸበርካ ኣኽሊሉ፡ ኣቕሪብካዮ ዘለኻ ሕቶ ብቐጥታ ምቁራጽ ውዕል ስራሕ ዝምልከት እዩ። ብድብድቡ ሕጋዊ ምቁራጽ ውዕል ስራሕ ብስምምዕ ተወዓዓልቲ 'ብኸምዝን

ከም ምኽኑይ ስንብታ'ዩ ዝቖጸር። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ግን፡ ዓንቀጽ 25(2) ኣነጺርዎ ከም ዘሎ፡ ብስምምዕ ተወዓዓልቲ ወገናት ኣብ ዝቋረጽ ውዕል ስራሕ፡ ሰራሕተኛ ሕጊ ንዘረጋግጸሉ መሰላት ንኽሓድግ ምስምማዑ ብሕጊ ተቐባልነት ኣይክህልዎን እዩ። ሓታቲ፡ ኣብ ዝቐረበ ሕቶ ትሕዝቶ'ቲ




ብኸምዝን'ዩ ክፍጸም ዘለዎ ቅድሚ ምባልና ግን፡ ብዛዕባ ምቁራጽ ውዕል ስራሕ ሓፈሻዊ መብርሂ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ፡ ከም መትከል፡ ኣብ ኣዋጅ ቍ.118/2001 ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ዓንቀጽ ቍ. 22፡ ውዕል ስራሕ ዝቋረጽ፡ ብተበግሶ ኣስራሒ ወይ ሰራሕተኛ ኰይኑ፡ ብመሰረት ኣብ ሕጊ ዝሰፈረ ድንጋጌታት፡ ብመሰረት ናይ ሓባር ስምምዕ ወይ ብስምምዕ ተወዓዓልቲ ወገናት ምዃኑ ተደንጊጉ ኣሎ። ዝቐረበ ሕቶ ምስዚ ዳሕረዋይ ዝተኣሳሰር ብምዃኑ ግን ኣብዚ ነጥቢ'ዚ ክንሕጽር ኢና። በዚ መንጽር፡ ሓታቲ፡ ሕጊ ብንጹር ስለዘፈቕደልኩም፡ ብዓንቀጽ 25(1) ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ መሰረት ውዕል ስራሕ ንምቁራጽ ምስ ሰራሕተኛኻ ዝገበርክምዎ ስምምዕ ሕጋዊ መሰረት ዘለዎ እዩ። ብስምምዕ ተወዓዓልቲ ዝግበር ምቁራጽ ውዕል ስራሕ ከኣ ናብ ስንብታ (Termination) እዩ ዘምርሕ። ስንብታ ድማ ምኽኑይ ወይ ዘይምኽኑይ ክኸውን ይኽእል። ብመሰረት ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ዓንቀጽ 26(1)፡ ብስምምዕ ተወዓዓልቲ ወገናት ዝግበር ምቁራጽ ውዕል ስራሕ

ውዕል ስራሕ ንምቁራጽ ዝገበርክምዎ ስምምዕ ብንጹር ስለዘይገለጽካልና፡ ምናልባት ስምምዕኩም ሰራሕተኛኻ ካብ ውዕል ስራሕ ዝብገስ ሕጊ ንዘረጋግጸላ መሰላት ንኽትሓድግ ዝተሰማመዐት እንተደኣኮይናን፡ ስምምዕኩም ሕጋዊ ተቐባልነት ኣይክህልዎን እዩ። ኣብዚ ክጥቀስ ዘለዎ ካልእ ኣገዳሲ ነጥቢ ድማ፡ ብመሰረት ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ዓንቀጽ ቍ. 25(3)፡ ብስምምዕ ተወዓዓልቲ ወገናት ዝቋረጽ ውዕል ስራሕ ተግባራዊ ዝኸውን ብጽሑፍ ምስ ዝፍጸም ጥራይ ስለዝኾነ፡ ሓታቲ፡ ምስ ሰራሕተኛኻ ዝገበርክምዎ ውዕል ስራሕ ናይ ምቁራጽ ስምምዕ ተፈጻምነት ዘለዎ ክኸውን ምእንቲ ግድነት ብጽሑፍ ዝተፈጸመ ክኸውን ኣለዎ። ስለዚ፡ ሽሕ'ኳ ውዕል ስራሕ ብስምምዕ ተወዓዓልቲ ወገናት ክቋረጽ ዝኽእል እንተኾነ፡ ትሕዝቶኡን ኣገባብ ኣፈጻጽማን እቲ ስምምዕ ግን ብኸምዚ ልዕል ኢልና ዝገለጽናዮ ኣገባብ እንተዘይተገይሩ፡ እቲ ስምምዕ ፍሩስ ኩይኑ እቲ ምቁራጽ ከም ዘይምኽኑይ ስንብታ ተቘጺሩ፡ ሰራሕተኛ ካሕሳ ዝሓትተሉ ሕጋዊ መሰረት ኣሎ።

# መን ክብል ?

ንብሩ ክብረኣብ

**ምሉእ ስም፡ ኬሪ ማሪሳ ዋሺንተን**
**ዝተወልደትሉ ዓመት፡ 1994**
**ዓዲ፡ ኣመሪካ**
**ሞያ፡ ተዋሳኢት**



## ኬሪ ዋሺንግተን

ንሽልማት 'ኤሚ ፕራይም ታይም' 'ስክሪን ኣክተርስ ጊልድ'ን 'ጎልደን ጎሎብ'ን ተሓጺያ'ያ። ኣብ ሲነማታት፡ በዓልቲ-ቤት ፍሉጣት ሰባት ብምዃን ክትዋሳእ ብዙሕ ተራእያ። ኣብ'ታ ኣብ 2004 ዝተዳለወት ፊልም 'ረይ' በዓልቲ ቤት ናይቲ ፍሉጥ መዚቀኛ ረይ ቻርለስ ኰይና ቀሪባ። ኣብ ፊልም 'ዘ ላስት ኪንግ ኦፍ ስኮትላንድ'ውን ንተራ በዓልቲ-ቤት መራሒ ኡጋንዳ ዝነበረ ኢዲ ኣሚን - ካይ፡ ተላቢሳ። ኣብ'ታ ናይ 2012 ፊልም 'ጃንጎ ኣንቸይንድ''ውን ንበዓልቲ ቤት ጃንጎ ወኪላ። ኣብ'ቲ ብዙሕ ጥቡብ ዘይኮነ ፊልምታት ጥቡብ (ኢንደፐንደንት ፊልም)'ውን ዓይያ። 'ኣዋር ሶንግ'፡ 'ዘ ደድ ገርል'ን 'ናይት ካችስ ኣዝ'ን ገለ ካብ'ተን ፊልምታት'የን።

ዋሽንተን ብ 31 ጥሪ 1977 ብሮንክስ ኣብ ዝበሃል ምምሕዳር ከባቢ ከተማ ኒውዮርክ ተወሊዳ። ኣደኣ ቫለሪ ፕሮፈሰርን ፈላጥ ስነ-ምምህርናን'ያ። ኤርል ዋሽንተን ኣቦኣ'ዩ። ኣብ'ቲ ዝነበርሉ ከባቢ ዝተፈልጠ ደላላይ ድማ'ዩ። እንዳ ኣቦኣ ኣፍሪቃውን ኣመሪካውን ወለዶ ዘለዎም፡ካብ ሳውዝ-ካሮላይናን ብሮክሊንን'ዮም። እንዳ ኣደኣ ድማ ዘርኢ ጃማይካን ኣመሪካን ከምዝሕዙ ይንገር። እንተኾነ ብዘዕባ ትውልዲ ኣደኣ ዘይቅቡዕ'ዩ። እንግሊዛዊት-ስኮትላንዳዊት'ያ ዝብሉ ኣለዉ። ካብ ደቀባት ኣመሪካ ምዃና ዝዝርቡ ኣይሰኣኑን። ካብ ኣፍሪቃ ዝተመንዘዑ ጊላታት ምንባሮም'ውን ይጥቀሱ።

ኣብ ሕቖፌ ትምህርቲን ንትምህርቲ ብዙሕ ዋጋ ዝኽፈለትን ኣደ፡ ተወሊዳ ስለዝዓበየት፡ ንትምህርቲ እትህቦ ክብሪ ልዑል ክኸውን ኣኽኢሉዋ'ዩ። ኣብ ንኡስ ዕድመኣ ፍቕሪ ቤት-ትምህርታን መጽሓፍታን ንኽሕዛ ዝጸለወታ'ውን ኣደኣ'ያ ዝነበረት። በዚ፡ ኑቲ ፋልማይ ትምህርታ ኹሊሳ ኹሊሳ ክትውሕጦ፡ ውሒጣ'ውን ክትሃጥረሉን ክኢላ። ኣብ ኩትትናኣ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ስፐንስር፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ተማሂራ። እዚ ዕውት እዋናት ኣካዳሚ ድሕሪ ምሕላፉ'ዩ። ኣብ'ዚ እዋን ድማ'ያ ንኣካዳምያዊ ግዳሰኣ ካልእ ዝምባለ ዝሓወሰትሉ።

'ታዳ - ትያትር መንእሰያት' ብደቂ ቤት-ትምህርታ እትካየድ ጉጅለ ባህሊ'ያ ነይራ። እታ ጉጅለ ኢጋጣሚታት ተጠቒማ ምርኢታታ ተርኢ ነበረት። ዋሽንተን ብምርኢታት'ታ ጉጅለ ክትምሰጥ እዋን ኣይደለየትን። ተመሲጣ'ውን ኣይተረፈትን። ኣብ ዝቖጸለ ሸድሽተ ኣዋርሕ ህርኩትቲ ኣባል'ታ ጉጅለ ኰነት። ፊለማ፡ እቲ ናይ ሸው ንጥፈታታ ቀዲማ ዘዮንጸባረቐቶ ብምንባሩ ኣጠራጠረ። ግዜ ምስበልዐ ግን ናይ ልባ ድላይ ምዃኑ ተገንዘበት። ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ዛዚማ ናብ ኮለጅ ቅድሚ ምስጋራ እምበኣር ተዋስኦ ሕማም ልባ ኰነ። ኣብ 1998 'ጆርጅ ዋሽንተን' ናብ ዝተባህለ ዩኒቨርሲቲ ተጸንበረት። ብዛዕባ ሰብን ሕብረተ-ሰብን ኣብ ዝግደሱ ዓውዲታት ኣንትሮፖሎጂን ሶሾሎጂን ኣድህቦ ገይራ። ካብ ክልተኡ ዓውደ-ትምህርታት ድማ ቀዳማይ ዲግሪ ረኺባ። ብዘይካ'ዚ ተዋሳኣዊ ዓቕማ ንምምሕያሽ ኣብ 'ማይክል ሃዋርድ ስቱድዮስ' ሲነማ ተማሂራ።

ፋልማይ ፊልማዊ ዕዮኣ ኣብ'ታ ኣብ 1994 ዝተዘርገሐት 'ማጂካል መይክ ኦቨር' ነበረ። ፊልም "Standard Deviants" ቀጺላ ዝተራእየትላ ነይራ። ድሕሪ'ዛ ትምህርታዊ መልእኽቲ ሒዛ ዝቐረበት ኮሚድያዊት ዕዮ፡ ኣብ ፊቸር ፊልም 'ኣዋር ሶንግ' ቦታ ሒዛ።

ድሕሪ'ዚ ብዙሕ ስለዝተፈልጠት ካብ ፊልም ናብ ፊልም ሰገረት። ኣብ ጉዕዞኣ፡ ኣብ ዝተፈልጣ ፊልምታት "Save the Last Dance"ን "The Human Stain"ን ተዋሲኣ። መቐይሮ ህይወታ ዝኾነት ፊልም ዝተዋስኣትሉ እዋን ግን 2002'ዩ። ኣብ'ታ 'ባድ ካምፓኒ' ዘርእስታ ኣንጠልጣሊት-ስለያዊት ፊልም ምውሳኣ ዓቢ ለውጢ ፈጠረላ - ብሕልፊ ኣብ ፋይናንሳዊ እቶታ። ብመንገዲ'ታ ፊልም ዝረኸበቶ ኣታዊ ብርኩት ብምንባሩ መንበሮኣ ውሑስ ኰነ። እዚ ውሕስነት'ዚ ዝቕጽላ ፊልምታት ብዝበቕዓት ንኽትዓጽዩ ኣኽኣላ። ኣብ "ሺ ሀይት ሚ" ካልእ ኩርናዕ ኣወሳስኣ ሒዛ ዝቐረበትሉ ምኽኒት፡ እቲ ዝተገናጸፈቶ ርግኣት ምንባሩ ይጥቀስ'ዩ። እንተኾነ፡ ኣብ'ቲ እዋን ንኣወሳስኣኣ ዝምልከት ብዙሕ ሞያዊ ርእይቶን ነቐፌታን ተቐቢላ'ያ። እዚ ኸኣ ንዕበየታ ደራኺ ነበረ። ቀጺላ ኣብ "ሚስተር ኤንድ ሚስስ ስሚዝ"፡ "ሊትል ማን"፡ "ኣይ ቲንክ ኣይ ላቭ ማይ ዋይፍ"፡ "ዘ ላስት ኪንግ ኦፍ ስኮትላንድ"ን ካልእን ተዋሲኣ። ተኸታተልቲ ፊልም ተለቪዥን ኣብ ዝኾና "ቦስተን ሊጋል"ን "100 ሰንተር ስትሪትን እውን ኣገደስቲ ገጸ-ባህሪያት ተላቢሳ'ያ።

ንሳ፡ ቪድዮ ክሊፕ ኣብ ምእላይን ምውሳእን ሓደት ንጥፈት ተርኢ'ያ። ኣብ ቪድዮ-ክሊፕ ንጸል-ደርፌ "ፋይንዲንግ ፎር ኤቨር" ኣሊያን ተዋሲኣ። ፋይንዲንግ ፎር ኤቨር ናይቲ ብቕዱ ሂፕ-ሆፕ ዝተፈልጠ ድምጻዊ ኮሞን ፍርያት'ያ። ዶኩመንታሪ ፊቸር ፊልም 'ዘ ፒፕል ስፒክ' ካልእ ገጽ ዕዮኣ ነይራ። እታ ፊልም ተመራማሪ ታሪኽ ሆዋርድ ዚን ካብ ዝጸሓፎ "ኤ ፒፕልስ ሂስትሪ ኦፍ ዘ ዩናይትድ ስተይትስ" ዝተመርኮሰት'ያ።

ድሕሪ 2010 ዕዮ ደይቪድ ማመት ኣብ ዝኾነት ፊልም "ረይስ" ምስ እኒ ጀይምስ ስፓደር ደይቪድ ኣላንን ሪቻርድ ቶማስን ሓቢራ ተዋሲኣ። ኣብ ዓመተ 2012 ኣብ ዝተዘርገሐት ፊልም "ጃንጎ ኣንቸይንድ" ተራ ተዋሂብዋ ምስ ሰርሐት ዝና ወሲኻ። እታ ናይ ካንቲን ተራንቲኖ ፊልም ዓለማዊ ነቐፌታውን ርእይቶኣውን ግብረ-መልሲታት ዝተመዝገበላ'ያ ዝነበረት። ድሕሪ'ዚ፡ እቲ ክቡር ቤት-ትምህርቲ "ተንቀሳቓሲ ስእሊ ስነ-ጥቡብን ስነ-ፍልጠትን" ምስ'ቶም 175 ብሉጻት ስነጥበበኛታት ዕድመ ኣቕሪብላ ነይሩ።

ዝሰሕብ ቁመናን መልክዕ ገጽን እትውንን ጉርዞ ምዃና ብዙሕ ዝዘረበላ ዋሽንተን፡ ዝሓለፈ ዓመት መጽሔት "ፒፕል መጋዚን" ኣብ ደረጃ "ማእቲ ቆናጁ" መበል ካልኣይቲ ሰሪዓ። መጽሔት "ግላሞር"''ውን "ቆንጆ 2013" ክብል ኣኽቢራ።

ንብሉጽነታ ኣጸቢቓ ዘንጸባረቐት ፊልም ግን "ስካንዳል"ያ። ብ ሾንዳ ራይም ዝተማህዘት ተኸታታሊት ድራማ "ስካንዳል" ብዕዳጋን ብስነ-ጥበብን ዓቢ ዓወት ተጎናጺፋ። ኦሊቭያ ፖፕ ንዝተባህለት ገጸ-ባህሪ ለቢሳ ዝተዋስኣት ዋሽንተን ድማ ክኢላ ምዃና ኣመስከረት። ፊልም 'ስካንዳል' ኣብ ፈይስ-ቡክ ብዙሕ ካብ ዝዘረባ ተኸታተልቲ ፊልምታት ድራማ ኰይና'ውን ተመዝጊባ።

እዚ ምስ ገበረት ኣብ 2013 ኣብ "44th NAACP Image Awards" ንሽልማት 'ብልጽቲ ተዋሳኢት ተኸታታሊ ድራማ' ተዓወተትሉ። ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ፊልም "ስካንዳል" 'ፍትወቲ ድራማ' ኣብ ዝተሸለመትሉ ኢጋጣሚ፡ ንሳ'ውን ሽልማት ፍትወቲ ተዋሳኢት ዓቲራ። ኮኾብ ተዋሳኢት ተለቪዥን ዝተሰምየትሉ'ውን እዚ ግዜ'ዩ።

ኣብ ካልኣይ እብረ ፊልም ስካንዳል ድሕሪ ምስታፉ ንሽልማት 'ብልጽቲ መሪሕ ተዋሳኢት ተኸታታሊ ፊልም' ተሓጺያ። ንሳ፡ ነዚ ዝበቕዐት ፋልመይቲ ጸላም ኣመሪካዊት ነበረት - ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመታት። ብተመሳሳሊ ኣብ ሽልማት 'ጎልደን ግሎብ''ውን ተረቒሓ። ኣብ 'ስካንዳል' ንዋሽንተን ፍትወቲ ዝገበራ ብቕዓት ኣወሳስኣኣ ንበይኑ ከምዘይነበረ ይትንትንን'ዩ። ዝተላበሰታ ገጸ-ባህሪ ኦሊቭያ ፖፕ እተዘውትሮ ኣልባሳት ማራኺ ምዃኑ ብዙሓት ክኢላታት ቀዲ ኩዳን ይሰማምዑ። ንኦሊቭያ ፖፕ ሱሓቢት ክትከውን ዝሓገዘ ኣኩዳድናኣ ምንባሩ ዘመስከረ ድማ ኣብ ዝርዝር 'ዓሰርተ ብሉጽ ዝተኸደና ጠባያት ፊልም ተለቪዥን 2013' ምእታዋ'ዩ። ዝተፈልጠ ዲዛይነር ላይን ፓውሉ ኦሊቭያ ፖፕ ንልቢ ሰባት ክትሰልብ ዝኽኣለት፡ ፈኰስን ኣንስታዊ ሕብሪን ዘለዎ ኩዳን ለቢሳ ኣብ ዓለም ተባዕትዮ ብምቅልቃላ ምዃኑ ይገልጽ።

## ማሕበራዊ ህይወት

ዋሽንተን ምስ ተዋስኣይ ደይቪድ ሞስኮ ካብ ጥቅምቲ 2004 ክሳብ መጋቢት 2007 ተሓጺያ ነይራ። ብዙሕ ስምምዕ ምስ ስኣኑ ግን ሕጸኦም ሰሪዞ። ንኣስታት ሓሙሽተ ዓመታት ኣታው-ወጻእ ዝኾነ ፍቕራዊ ህይወት ኣሕሊፋ። ጸኒሓ ንስፖርተኛ ናምዲ ኣሶሙጋ ምስተላለየት ግን ልባ ዓረፈላ። ብ24 ሰነ 2013 ዋሽንተንን ኣሶሙጋን ወግዓዊ ስነ-ስርዓት መርዓ ፈጸሙ።




ሰባት ምሕጋዝ ዝፍተዋ ተግባር ምዃኑ እትገልጽ ዋሽንተን ኣባል'ቲ ጸጉማት ንምድጋፍ ዝቐመ 'ክሬይቲቭ ኮሊሽን'ያ። ካብ ዝተላበሰቶ ጠባይ ገለ ናይ ምትራፍ ልምዲ ኣለዋ። ንዘኽረ'ቲ ዝተዋስኣቶ ጠባይ ዝኾና ክዳን ወይ ንእሽቶ ንዋት-ክሽን ምሓዝ ባህ ይብላን ትፍለጠሉን።

# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተኸሳሲ ኣቶ ሰጊድ ተወልደብርሃን እልፋ ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 10ይ መጋባኣያ ቁ.52 ናይ ምቅሊት ውርሻ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/2/14 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ግን ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ከረአ ይኽእል እዩ።

ኣቶ ተስፋይ ገብረሚካኤል ገብረታትዮስ ብወኪል ኣቶ ደበሳይ ገ/ሚካኤል፡ ኣቶ ተስፋይ ገብረሚካኤል ገብረታትዮስ ምባል ተሪፉ፡ ተስፋልኡል ሃብተ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 7ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ 4 ኣስመራ

ራሄል መስፍን እንግዳ፡ ኣቦይ ኣቶ መስፍን እንግዳ ኣማረ ስለዝሞተ፡ ኣቦይ ኣይተመርዓወን ብጀካይ ውን ካልእ ውላድ የብሉን ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ራሄል ነጋሽ ረጋሳ ተሸመ፡ ኣደይ ወ/ሮ ለታይ ገብራይ ወልደገርግሽ ስለዝሞተት፡ ብጀካይ ካልእ ወራሲ ከምዘይብላ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረትን ቲራቮሎን

ወ/ሮ ምንያ መልከ ተስፋሚካኤል፡ ወደይ ኣቶ ኣሸሕ ተኽለኣብ ሃይለ ስለዝሞተ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/2/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጎዳይፍን ሰምበልን

ኣቶ ዳንኤል ኣስገዶም ጸጋይ፡ ኣቦይ ኣስገዶም ጸጋይ ክፍለስላሴ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/2/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ዓንሰባ ከረን

እስቲፋኖስ ሳምረ ኣሚር ምባል ተሪፉ፡ እስቲፋኖስ ሰመራ ኣሚር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/1/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ሰዒድ ዓጃጅ ምባል ተሪፉ፡ መሓመድ ሰዒድ ዑመር ዓጃጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ሓጋዝ

ገብሪኤላ ወልደገርግሽ ገብረትንሳኤ ምባል ተሪፉ፡ ገብሪኤላ ወልዳይ ገብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ከባቢ ከረን 03

ወ/ሮ ኤደን ተኽለ ሸፈራው፡ ወላዲትና ወ/ሮ ኣምለሰት ተኽለ ተኽለገርግስ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/1/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ ወልደኣማኑኤል፡ ወላዲየይ ወልደኣማኑኤል ዘርአ በኪት ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ ሓፍተይ ኣዜብ ወልደኣማኑኤል ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ወኪ

ወ/ሮ ነብያት ኣይነኣለም ተስፋማርያም፡ ምስ ኣቶ መርሃዊ ማና እንግዳ ካብ እንምርያ 6 ዓመት ጌርና 1 ቆልዓ ኣላትና፡ ንስደት ካብ ዝኸይድ 5 ዓመት ይገብር ዋላ ሓንቲ ደሃይ ስለዘይገብረለይ ቃል ኪዳነይ እንተዘይቀረበ ብዘመድ ሽማግለ ኣብ ቤ/ፍ ክካየድ ዝቃወም እንተኮይኑ ክሳብ ዕለት 28/1/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዞባ ሸዕብ፡ ሰውራ፡ ዓዲ ዑመር ተሰነይ

የውሃና ደሳለ ፍስሃየ፡ ወላድየይ ደሳለ ወልደሚካኤል ስለዝሞተ፡ ኣነ በይነይ ናይ ኣቦይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ ንኽፈልቲ ግብሪ

ከፈልቲ ግብሪ ትኽክለኛ ዓመታዊ ኣታዊኦም ብምፍላጥ ግብሪ ዝኸፍልሉ ግዜ ኣብ ኣዋጅን ሕጋጋትን ኣታዊ ግብሪ በብደረጃ ተፈልዩ ብንጹር ሰፊሩ ይርከብ። በዚ መሰረት ናይ 2013 ዓመተ ግብሪ ካብ ወርሒ ጥሪ 2014 ዝጅምር ኮይኑ፡ ኣብ ታሕቲ ቀሪቡ ብዘሎ ግዜ ሰሌዳ መሰረት በብደረጃኹም ኣብ መላእ ሃገር ኣብ ዘለዋ ኣብያተ ጽሕፈት ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ቀሪብኩም ዓመታዊ ግብሪ ንኽትከፍሉ ብኣኽብሮት ንሕብር።

| ደረጃ | መኽፈሊ ግዜ |
|---|---|
| ደረጃ "ሐ"ን ክራይ ግብርን | ወርሒ ጥርን ለካቲትን (2014) |
| ደረጃ "ለ" | ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ ወርሒ መጋቢት (2014) |
| ደረጃ "ሀ" | ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ ወርሒ ሚያዝያ (2014) |

ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ቀሪብካ ግቡእ ግብሪ ዘይምኽፋል ተወሳኺ መቕጻዕቲ ከምዘስዕብ ንሕብር። ብዝተኻእለ መገዲ ቅድሚ እቲ ናይ መወዳእታ ዕለት ቀሪብካ ኣታዊኻ ብምሕባር መስርሕ ምኽፋል ግብሪ ምጅማር እቲ ዝበለጸ ግዜ ናይ ምቑጣብ ሜላ ምኳኑ ንሕብር።
ርሑስ ሓድሽ ዓመት!

ሚኒስትሪ ፋይናንስ
ክፍሊ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር

DolceVita®
THE ITALIAN LIFESTYLE

ዛኤር ሓ.ዝ.ብ.ማ. ብምኽንያት በዓል ልደት
ኣብ ዝተፈላለየ ፍርያቱ ዝጸንሐ
ዓቢ ናይ ምጉዳል ዋጋ
ሕጂ ዉን ይቕጽል ከምዘሎ ንዓማዊሉ ከበስር ይፈቱ።

ኣድራሻና

ኣስመራ
- ጎደና ሓርነት ቁ. 32
  ፊት ካተድራል ቤ/ክ
  ቁ.ስ. 110074
- ጎደና ተጋደልቲ(ባራቶሎ ነበር)
  ጎዳይፍ
  ቁ.ስ. 182383
- ኣስማራ ፓላስ
  ኢንተርኮንቲነንታል ነበር
  ቁ.ስ. 153700 ext.2280

መንደፈራ
- ከባቢ ሞቢል 09 ነበር
  ቁ.ስ. 610017

ከረን
- ፓላሶ ሪቫ
  ቁ.ስ. 400301

ደቀምሓረ
- ጥቓ መድሃኔዓለም ቤተክርስትያን
  ቁ.ስ. 640549








ብሞት ክብርቲ ሓፍትና ወ/ሮ ዝማም ብርሃኑ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን፡ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ምሉኣት ስድራ-ቤት

ብሞት ኣዚና እንፍቅራ ወላዲትና ወ/ሮ ሉላ ሓድጉ ሓማድ፡ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝበጻሕኩምናን ምስ ዓረፈት ዘቃበርኩምናን ብኣካል ብምምልላስን ብቴሌፎን ካብ ውሽጥን ወጻእን ሃገርን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ንገልጽ።

ደቃን ምሉኣት ስድራ-ቤትን



ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ ንጉስ መስፍን ዑቕባይ፡ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ንሆስፒታል ዝተመላለስኩም፡ ኣብ ግዜ ዕረፍቱ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ዘቃበርኩምናን ካብ ውሽጥን ወጻእን ገዛና ብምምልላስን ስልኪ ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን እናመስገና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንዓጹ።

ምሉኣት ስድራ-ቤት





ብመስዋእቲ ክቡር በዓል ቤተይ ገዲም ተጋዳላይ መልኣከ ገብረኣብ ቀለታ ዝተሰማዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ኣብ ገዛ ዝተመላለስኩምን ከምኡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ከምኡ'ውን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

በዓልቲ ቤቱ ዘውዲ ኣብርሃም
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤትን ፈተውትን



ብሞት በዓል ቤተይ ኣቶ ተኪኤ ኪዳኑ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምና ስፖርታውያን ማ/ስልጠና ሓ/ምክልኻልን የዕርኽቱን ካብ ወጻኢ ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንሕብር።

ኣቦኡ ኣቶ ኪዳን ተወልደብርሃን
(ሰራሕተኛ ቦቸዮፌላ)
በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሄለን ሰለሙን

ብሞት ክቡር በዓል ቤተይ ኣቶ ኢሳቕ ኪዳን ሃብቶም ዝተሰማዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፡ ኣብ ግዜ ዕረፍቱ ኣብ ዓዲ ሰግዶ ዘቃበርኩምና፡ ከምኡ'ውን ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋል፡ ኣብ ገዛ እናተመላለስኩም ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

በዓልቲ ቤቱ ሲስተር ኤልሳ ተኽስተ
ምስ ደቁ ስምሃር ኢሳቕ፡ ኣርያም ኢሳቕ፡
ያኑት ኢሳቕ፡ ቤትኤል ኢሳቕ
በይሉል ኢሳቕ፡ ስድራቤቱን ኣሕዋቱን



ብሞት በዓል ቤተይ ኣቶ ኣርኣያ ብላታ ካሕሳይ ማሉ፡ ዝተሰማዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፡ ኣብ ኢጣልያ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩምና፡ ምስ ዓረፈ ዘቃበርኩምናን ዘተሓዘንኩምናን ከምኡ'ውን ኣብ ኣስመራን ደቂጀንዓን ብኣካል ብምምልላስን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ለምለም ፍስሃየ ዘገየ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራ-ቤትን





ብመስዋእቲ ኣዚና እንፍቅሮ ወድና ዳኒኤል ገብረስላሴ ኣረፋይነ፡ ኣባል 25 ዙርያ ሃ/ኣገልግሎት ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ እዋን ሓዘንና ካብ ውሽጢ ብኣካል ኣብ ገዛና ብምምልላስ፡ ካብ ወጻኢ ሃገር ድማ ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ወለዱ፡ ገብረስላሴ ኣረፋይነ
ወ/ሮ ምሕረት ካሕሳይ ሻሮው
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት

ብሞት ኣዚና ነፍቅራ ክብርቲ ሓፍትና ቅድስቲ በረኸትኣብ ስብሃቱ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ክሳብ ዓዲ ወርሒ ሰብ (ን/ዞባ ሎግ ዓንሰባ) ብምኻድ ዘቃበርኩምና ብኣካልን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን የሕዋትን ቤተሰብን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።


ሓዋ ነጋሽ በረኸትኣብ
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብሞት ኣዝዩ ዘፍቅሮን ዝኽብሮን በዓል ቤተይ ኣቶ ክፍላይ ኣብርሃም ካሕሳይ፡ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝተመላለስኩምናን ክሳብ ዓደብዛግ ኬድኩም ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስ፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ኣሕዋትን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ቅዱሳን ገብረትንሳኤ ኣርኣያ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራ-ቤትን





ብሞት ኣዝየ ዘፍቅሮ ክቡር በዓል ቤተይ ኢሳቕ ቀሺ ካሕሱ፡ ብዝተሰምዓኒ መሪር ሓዘን ኣብ ኣሜሪካ (ኣክላንድ በይ ኤርያ)ን ካብ ዝተፈላለየ ቦታታትን ዘጸናናዕኩምናን ሬሳ ናብ ኣስመራ ኣብ ምምጻእ ዝተሓባበርኩምናን ካብ ኣስመራ ንክረን ዘቃበርኩምንን ኣሕዋተይን ፈተውተይን ምስጋናይ ብምግላጽ ሕሰም ኣይትርከቡ ይብል።

በዓልቲ ቤቱ ፍረወይኒ ኣርኣያ
ምስ ደቀይን ምሉእ ስድራ-ቤተይን

# ካብ ዝግ ትን

ሰላም ርእሶም

## ብዛዕባ ክዳን እንታይ ትፈልጡ?



እዚ ሎሚ ንኽደኖ ዘለና ክዳን፡ ንድሕሪት ተመሊስና ታሪኽ ኣመዓባብሉኡ ከመይ ከም ዝነበረ ምስ እንርኢ፡ ጥንታዉያን ሰባት ንኽዳን ካብ ተኽሊ ገረብን ዓለባን ይሰርሕዎ ከም ዝነበሩ ታሪኽ ይነግረና። እዚ ኣብ ኣካላት ወዲ ሰብ ከም ሽፋን ኮይኑ ንኽገልግል ተባሂሉ ዝተሰርሐ ክዳን፡ ኣብ ዓለም ካብ ዘለው ፍጡራት ወዲ ሰብ ጥራይ'ዩ ዝጥቀመሉ። ንሱ ጥራይ ንኽኽደኖ'ዉን ባዕሉ ወዲ ሰብ ወሲኑ'ዩ።

ክዳን ሕጊ ኣለዎ። ብጾታ፡ ዕድመ፡ ሃይማኖት፡ ባህልን ዓቐን ናይ ነብስን ድማ ይፈላለ። ዝኾነ ወዲ ክዳን ናይ



ጓለንስተይቲ ክኽደን ኣይፈቅድን፡ ጓል'ዉን ከምኡ። ምኽንያቱ ንኩሉ ከከም ዓቐኑ ስለ ዝስራሕ። ክዳን ንዝተፈላለየ ዕላማታት ንምግልጋል'ዩ ተሰሪሑ። ሕፍረትካ ንምሽፋን፡ ካብ ዝተፈላለዩ ንቆርበትና ሓደጋ ከዉርዱ ዝኽእሉ ባእታታት ንምክልኻል፡ ካብ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ናይ ባርዕ ሓደጋታት በጃ ንምኳን፡ ካብ ዝተፈላለየ ምስ ኩነታት ኣየር ከጋጥም ዝኽእል ጸገማትን ካልእን ከም መከላኸሊ ኮይኑ የገልግል።

እዚ ኣብ ጥንቲ ካብ ገረብ፡ ጸምሪ፡ ኣቑጽልቲን ሳዕሪ ማዕርን ዝስራሕ ዝነበረ ክዳን፡ ኣብ 30.000 ዓመት ቅ.ል. ክርስቶስ ብመርፍእ ክሰፊ ከም ዝጀመረ ይፍለጥ። በብግዚኡ ድማ ካብ ጡጥ፡ ፕላስቲክ፡ ቆርበት ዝተፈላለዩ እንስሳታትን ጸጉርን ዝተሰርሐ ክዳን ማዕቢሉ። ወዲ ሰብ ክዳን ክኽደን ዝጀመረሉ እዋን ክፍለጥ ቀሊል ከም ዘይኮነ እዮም ተመራመርቲ ናይዚ ዓውዲ ዝገልጹ። ወዲ ሰብ ክዳን ክለብስ ዝጀመረ እዋን ቅድሚ 72.000 ክኸዉን ይኽእል'ዩ ኢሎም ይግምቱ። ብመሰረት ተመራመርቲ ስነ ሰብ ዝኾኑ ራላፍ ክተለር፡ ማንፍረድ ከይሰር፡ ማርክ አስቶንኪንግ፡ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ካብ ማክ ፕላንክ ኢንስትቱት ፎር ኢቮሉሽነርይ ኣንትሮፖሎጂይ፡ ወዲ ሰብ፡ ቅድሚ 107.000 ዓመት ክዳን ምክዳን ጀሚሩ ይብሉ። በቲ ኮይኑ በቲ እዚ ጉዳን ገና ንተማራመርቲ ዘካትዕ ዘሎ ነጥቢ'ዩ።

## መኣስ'ዩ ሰብ ክስዕስዕ ጀሚሩ?



ሳዕሲዒት ዝተፈላለዩ ጽንብላት ንምኽባርን ኣብ ጉዱና ይኹን ካብ ጉዱና ወጺእን እዘዉትሮ መግለጺ ሓጎስ ምዃኑ'ዩ ዝፍለጥ። ኣብ ህንዲ ብሂምበትካ ርክ ሸልተር ዝተሳእለት ቅብኣ 9.000 ዓመት ዕድመ ከም ዘለዋ ናይ ሳዕስዒት ተመራመርቲ ድሕሪ ምርግጋጾም፡ ምስዕሳዕ 3300 ዓመት ዕድመ ኣለዎ ናብ ዝብል መደምደምታ ክበጽሑ ክኢሎም ኣለው። ማብቆል ሳዕሲዒት ኣብ ሰራኣኻ ምኹኑ'ዩ ዝፍለጥ። ቀስ ብቐስ ድማ እናማዕበለን ኣብ መላእ ሕብረተሰብ እናተዘርግሐን ከም ዝኸደ ይግለጽ።

ሰባት ብዝተፈላለየ ናይ መዚቃ ህርመትን ብጣቕዒትን ይስዕስዑ። ምስዕሳዕ ኣብ ዝተፈላለየ ሕብረተሰብ ከከም ባህሉን ደረጃ ምዕብልናኡን ከም ዝፈላለ ኣብዚ ዓውዲ መጽናዕቲ ዝገበሩ ክኢላታት ይዛረቡ። ሳዕስዒት ስፖርት ዘይኮነ ጥበብ'ዩ። ሰባት ስሚዒቶምን ትሕዝቶምን ንምውጻእ ብወኒ ክሰርሑ ይኽእሉ'ዮም። ንሳዕስዒት ከም ሞያ ሒዞም ዝጥፍ'ውን ኣለው። እዚ ሎሚ ኣብ መርዓታት ዝዘውተር ብዑርቱዕ መዚቃ ተሰንዩ ዝካየድ ሳዕስዒት፡ ኣብ 543 ዓመተ ምህረት ከም ዝተጀመረ ታሪኽ የዘንትወልና።

## ወትሩ ኣብ ሂይወትካ

ቕድሚ ምጽላይካ እመን

ቕድሚ ምዝራብካ ስማዕ

ቅድሚ ምሕሻሽካ ኣጥሪ

ቕድሚ ምጽሓፍካ ሕሰብ

ቕድሚ ሰቕታ ፈትን

ቕድሚ ምማትካ ንበር

## ኣይትኽሰራ

ነታ ንምርኣይካ ነዊሕ ኪሎሜተራት ተጓዒዛ ትመጽእ ጓለንስተይቲ፡ ነታ ከይበደለት ጓለንስተይቲ ዘይክትረክብ ትኽእል ኢኻ። መን ይፈልጥ ንሳ ምናልባት



ይቅሬታ ክትሓትት ቀርባቲ ዝኾነት፡ ነታ ኣዚያ ከም ተፍቅረካን ከም ትናፈቐትካን ንብዓት ኣሰንያ ትገልጸላካ፡ ነታ ወትሩ ምሳኻ ክትህሉን ካብ ጎድንኻ ክትፍለን ዘይትደሊ፡ ነታ ትህባ ግብረመስሊ ከይተገደሰት ተፍቅረካን ፍቕራ ትልግሰልካን፡ ነታ ምሳኻ ዘለዋ ዝምድና ዉሑስ ንምግባር ብዘይ ቅድመ ኩነት ድልዉቲ ትኸዉን ጓለንስተይቲ፡ ነታ ምሳኻ ብምህላዋ ጥራይ ሓጎስ ዝስመዓ፡ ነታ ኣዚያ እተኽብረካን ከይተሕርቐካ ኣዚያ ጥንቃቐ ትገብርን፡ ነታ ብሰንኪ ሕማቕ ባህርያትካ ክትርሕቀካ ዘይትደሊ ጓለንስተይቲ ፈጺምካ ሸለል ኣይትበላን ገጽ ኣይትኽልኣያን። ምኽንያቱ ኣብ ዝኸድካ ከይድካ ከምኣ ዓይነት ብፈጣሪ ዝተዋሕበትካ ፍልይቲ ህያብ ክትኸዉን ትኽእል'ያ።

## ምጥቡብ

መርዓት ንሰብኣያ
ፍጹም ንዘዮንብያ
ኣታ እንተበሉቶ
መዓስ ዘንጠሉቶ
እንታይ ደኣ?
ደልዮ'ያ ክፈኾሶ
ፍቕሪ ክትልግሶ
በንጻሩ፥
ካብኣ ንዘይዓቢ
“ሕሰር!” ትብሎ “ስዲ!”
ኣቱም እንተይሎቶ
መዓስ ስሒታቶ
ጥበበ'ዩ ኩቶ፥
ምእንቲ ክኸብዶ
ኩሓልፉ ብሞገዶ
ኣማረ ወልደሰላሰ

## ንፍሽኽታ





# ደሃይ ደቀንስትዮ

ምጽላል ፍስሃየ

## ኣብ ጉዕዞ ፍቕሪ ክትፈልጥዮን ክትጥንቀቕሉን ዘለኪ

ሓንቲ ጓለንስተይቲ መጀመርታ ምስ ሓደ ወዲ ተባዕታይ ትላለ። ሌልኦም እናዓሞቐ ምስ ከደ ናብ ዕርክነት ትሰጋገር። ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍ ናይዛ ዓምዲ ደቂ- ኣንስትዮ ኣብ ጽባሕ ዕርክነት ክምስርታ ከለዋ ክገብርኦን ከዘውትርኦን ዘለወንን ነጥብታት ርኢና ኔርና። ብድሕሪ ዕርክነት'ውን ጉዕዞ ፍቕሪ ክትጅምር ትኽእል'ያ። ኣብ ጉዕዞ ምጅማር ፍቕሪ እትርከብ ጓለንስተይቲ ክትፈልጦን ክጥንቀቐሉን ዘለዋ ነገራት ኣሎ።

ምስ ሓደ ወዲ ተባዕታይ ወላ ሕልፍ ዝበለ ፍቕሪ ይሃልኺ፡ ምስኡ ቃል ኪዳን ዘይኣሰርኪ፡ ኣብ ዕጹው ገዛ፡ ኣብ ሰብ ዘይርእየኪ ቦታታት ኬድኪ ፍቕራዊ ጸወታታት ምክያድ ይትረፍኪ። ሰብ ኣብ ዘይብሉ ኮይንኩም ተካይድዎ ምትሕሓዛን ምትሕቑቛፍን ናብ ካልእ ከየምርሕ ኣስተውዕልሉ። እዚ ተግባር ካብቲ ደረቱን ድሌቱን ዝሓለወ ፍቕሪ፡ ናብ ካልእን ተጣዒኪ ዘይትምለሰሉ ሃዋሁ ክሽመኪ ከም ዝኽእል ፍለጢ።

ከምኡ እንተኣፍቂድኪ ኣንጻር ዕላማኺ ክትከዲ ከም ትኽእሊ ዘተሓትት ኣይኮነን። ከም'ዚ ዓይነት "ሓጎስ" ዘምጽኦ ሳዕቤን ድማ ንስኺ በይንኺ ትስከምዮ ምኻንኪ ኣቓዲምኪ ፍለጥዮ። እዚ ምስ ኣፍቃሪኺ ኣብ ጽምዋን ሰብ ኣብ ዘይርእየኩም ቦታን ምንባርኩም ዘምጽኦ መዘዝ ምኻኑ ኣይትዘንግዕ'ዮ።

ምንም'ኳ 'ኣነ ጥንቕቕቲ'የ፡ ዘዋጻኣኒ ነገር ኩሉ እፈልጥ'የ' ኢልኪ ትምክሒ እንተኾንኪ፡ ጌጋ ምስ ሰብ ስለ ዝተፈጠረ፡ ምስ ዘይተመርዓኽዮ ወዲ ተባዕታይ በይንኺ ኣብ ጽምዋ ምዝዋር ይትረፍኪ። "ኣፍቂረዮ'የ" ኢልኪ ኣፍኪ መሊእኪ ንእትዛረብሉ ወዲ ተባዕታይ፡ ኣብ ሓጎሱ ይኹን ሓዘኑ፡ ቀዳመይቲ ሓላይቱ ኮይንኪ ክትርከቢ ዘሎ ድሌትኪ ኣብ ልብኺ ዕቝርዮ። ብኸምዚ እተሃንጸ ፍቕርን ሓዳርን፡ ዘኾነ መሰናኽላት ከፍርሶ ኣይክእልን'ዩ።

ንሓደ መንእሰይ ንምንታይ ከም እተፍቕርዮ ከይፈለጥኪ ክትፈትውዮ ትኽእሊ ኢኺ። ካብ'ቲ እትጭነቕሉ ፍቕሪ ነጻ ክትወጽኢ'ውን ምኽኣል ትስእኒ ትኾኒ። ንሱ ግና ኣብ ከም ናትኪ ስምዒት ከይህሉ ይኽእል'ዩ፡ ንዘፍቀርክዮ ወዲ ተባዕታይ፡ ከም ዘፍቅረኪ ክትገብርዮ ብዙሕ ትደኽሚ ትኾኒ። ንሱ ዝህበኪ መልሲ ግና ተስፋ ዘቑርጽ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣብ ከምዚ እዋን ነቲ ወዲ ተባዕታይ ስለምንታይ ኣፍቂርክዮ፡ ንፍቕርኺ ዝህቦ ምላሽ ዘሕጉስ ድዩ ኣይኮነን ብምግንዛብ፡ ካብ'ቲ ዘኣተኽዮ ናይ ፍቕሪ ዓዘቕቲ ንምውጻእ ከይተሓለልኪ ምፍታን ከድልየኪ'ዩ።

እምበኣር ፍቕሪ ቅድሚ ምጅማርኪ ስምዒታዊ ካብ ምኻን ምንጋፍ የድልየኪ። ካብ'ቲ ወዲ ተባዕታ ዝወሃበኪ ፍቕራዊ መልእኽቲ ምስ'ቲ ንስኺ እትህብዮ ዘመጣጠን ምኽኑ ከተረጋግጺ ይግባእ።

ምንጪ፡ ሳይኮሎጂ ክልቲኡ ጾታ

### ጓለንስተይቲ

ማይ'ያ..ምስ ጸማእካ ተርውየካ

ጸሓይ'ያ ምስ ቀረርካ ተማሙቐካ

ብርሃን'ያ ንልቢ ተብርህ፣
ስለዚ ጓል ኣንስተይቲ፣-
ኣደ'ያ
ሓፍቲ'ያ
ሰበይቲ'ያ
ፍቕሪ'ያ
ሃገር'ያ
ንፍተዋ ነኽብራ ንሓብሕባ!!

ኤፍሬም ፍቕረ-
ማ/ቤ/ፖ/ኤርትራ

## ኣብ ባህላዊ ስርሓትና እተተኩር ስነጥበበኛ

### ሙተመይዛ
ኤርሚያስ ኣስፍሃ

ኣብ 2007 ኣብ ፈስቲቫል ብዘቕረበቶ ብሉጽ ናይ ቅብኣ ስርሓት ካብ 56 ስነ ጥበባውያን ተዓዊታ ብምኳን ተሸሊማ ነይራ። ብዘይካ ኣብ ኢደ ጥበብን ቅብኣን ንጥፈታት፡ ኣብ ስርሓት ካይላ'ውን ዓመትን ሽውዓተ ወርሕን ስልጠና ብምውሳድ ብጉብሪ ትሰርሓሉ ኣላ። ብዘይካ'ዚ ናይ ክልተ ዓመት ናይ ቅብኣ ስልጠና'ውን ወሲዳ'ያ - ስነ ጥበበኛ ዓወት ተኽለ።

ኣብ1975 ኣብ ኣስመራ ዝተወልደት ዓወት፡ ብቑልዕነታ እንከላ ወላዲኣ ንዘዀባለኣ ስለ ዘለለየ ዝተፈላለዩ መስኣሊ ዝኾኑ ሕብርታት ይገድፈላ ነይሩ። ዓወት ድማ በቲ ኣቦኣ ዝገደፈላ ሕብርታት ገይራ ክትስእል ትውዕል ነበረት። ብዘይካ'ዚ ኣብ'ቲ መባእታ ደረጃ ዝተማሃረትሉ ቤ/ት ሞዴል፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኢደ ጥበባዊ ስርሓት ትሳተፍ ነበረት። ኣብ 2ይ ዙርያ ንሳዋ ምስ ወረደት'ውን፡ ኣብ ናይ መመርቕታ ታዕሊም፡ ዝተፈላለዩ ስእልታት ኣዳልያ ኣቕሪባ'ያ።

ስነ ጥበበኛ ዓወት፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓደሽ ዓመት፡ ኣብ ኣፍ ደገ ሚ/ትምህርቲ ምስ ብጾታ ዘቕረበቶ ኤግዚብሽን ከም ዝተዓዘብናዮ መብዝሕትኡ ስርሓታ ብሓምሓም ዝተሰርሑ ቅርጽታት'የም።

ሓምሓም ኣብ ትንራውያን ገጠራትና ንዝተፈላለየ ነገራት ብፍላይ ንመጽሞቕን መትሓዚን ስዋ ይጠቅም ምንባሩ ይፍለጥ። ዓወት ከኣ ነዚ ባህላዊ መሳርሒ ጠሚተ ገይራ ንምዕቃቡ ካብኡ ዝተፈላለየ ስርሓት ብምድላው ኣብ ጠቕሚ ኣውዒላቶ ኣላ።



ዓወት፡ ኣብ ትካላትን ገዛውትን ዝስቀሉ ምስሊ ናይ ዝተፈላለዩ እንስሳታትን ሰባትን'ያ ኣብቲ ኣኤግዚቢሽን ኣቕሪባቶ ነይራ። ብፍላይ እታ ብሓምሓም ዝተሰርሐትን ብገመድ ዝተጠምጠመት ኣብ ማእከላ ኣጉዶ ዝተሳእላ ባህላዊት ዕትሮ፡ መሳጢት ዝነበረት'ያ።

ዓወት፡ መብዝሕትኡ ኢደ ጥበባዊ ስርሓታ ብሓምሓም ዝተሰርሐ'የም። እቲ ጽልዋ ናይ ዓባያ ከም ዝወረሰቶ እያ ድማ ትገልጽ። ንሳ ንእሽቶ ኣንከላ ናብ'ታ ኣብ ከረን እትቕመጥ ዝነበረት ዓባያ ትኸይድ ከም ዝነበረት ትገልጽ፡ ዓባያ ብሓምሓም ገይራ ክትሓቑን ትዕዝባ ስለ ዝነበረት ድማ፡ ኑቲ ናይ ሓምሓም ቅዲ ርእያ ክትሰርሖ ፈቲናስ ተዓዊታትሉ'ውን። ብዘይካ'ዚ፡ መንነ ብጭቃ ክስራሕ ንዓባያ ትዕዝባ ብምንባሩ፡ በቲ ዓባያ ዘዳለወቶ ጭቃ ጻሕልን ዕትሮን ክትሰርሕ ትፍትን ነበረት። ካብ ዓባያ ብዙሕ ሞያ ከም ዝተማህረት'ያ ትገልጽ ዓወት፡ ሓደ ካብኡ ስፈ'ዩ፡ ዓባይኣ ክትሰፊ እንከላ ንዓኣ'ውን ስፊይ ትብላ ከም ዝነበረት ትዝክር። ዓወት ብቑልዕነታ ኣብ ጸወታ ከየድሃበት ዓባይቲ ዝሰርሕዎ ስራሓት ክትሰርሕ ትፈታትን ከም ዝነበረት'ያ ትገልጽ፡ በዚን ወዲ ከምዝን ዝጀመረ ፍቕሪ ሞያ ኢደ ጥበብ ከኣ ምስኣ ዓበዩ።

እዛ ስነ ጥበበኛ፡ ሓደሽ ሓሳብ እንተምጺእዋ፡ ከይረስዓቶ ከላ ኣብ ወረቐት ተሰፍሮ። ነቲ ሓሳብ ክትሰርሖ ዝጀመረት ኢደ ጥበባዊ ስርሓት ባህላዊ ቅዲ ኣትሒዛ'ያ ክትሰርሖ ትፍትን። ንስለ ምስራሕ ዘይኮነ መንእሰያት ደስ ኢልዎምን ተመሲጦምን ክርእይዎን ክጥቀሙሉን ዝኽእሉ ጸዕሪ'ያ ትገብር።

ዓወት፡ ኢደ ጥበባዊ ስርሓታ፡ ኣብ ገዝኣ ኮይና'ያ ትሰርሖ። "ኣብ ገዛ ኮይንካ ምስራሕ ከቢድ'ዩ። ቁልዑ ኣለዉ፡ ናይ ገዛ ስርሖ ኣሎ። እንተታሓጋጊዞካ ግን ዘይክኣል ነገር የለን። በዓል ቤተይ ኣብ ስራሕ ገዛ ስለዝተሓጋገዘኒ ኢደ ጥበባዊ ስርሓተይ ብኣድህቦ ክሰርሖ ዕድል ረኺበ'የ።" ትብል። ለይቲ ኣብ ኣእምሮኣ ንኢደ ጥበባዊ ስርሓታ ዝምልከት ሓሳብ እንተመጺእዋ ከይደቀሰት እተሓድረሉ እዋን ከም ዘሎ ዓኪይጠቕሰት ኣይሓለፈትን።

12 ዓመታት ኣብ ኢደ ጥበባዊ ስርሓት ብምስታፍ ዝተፈላለዩ ፍርያት ዘፍረየት ዓወት፡ ቀትርን ለይትን ጸዒራ ዘፍረየቶ ስርሓት ጻማ ኣይትስእኣሉን'ያ። ካብኡ ብእትረኽቦ ኣታዊ ንመንብሮኣ ንምምራሕ ከም ዝሕግዛ'ውን ከይጠቐሰት ኣይሓለፈትን።

ባህላዊ ስርሓት ዝመርጽ ሕ/ሰብ ኣለና። ስነ ጥበበኛ ዓወት ድማ ኣቦሓጎታትናን እኖሓጎታትናን ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ባህላዊ መሳርሒታት ናብ'ዚ ሕጂ ዘሎ ወለዶ ከተማሓላልፎ'ያ ትጽዕር። ሓምሓም ተጠቒማ ዝተፈላለየ ባህላዊ ነገራት ክትሰርሕ ድማ ጻዕሪ ተካይድ፡ ፍረ'ቲ እተካይዶ ጻዕሪ ድማ ፍርያታ ኣብ ኢዚብሽን ምስ ኣቕረበቶ ንራኣይኡ ባህ ዘብልን ተጠላብን ይኸውን።

ኣብ መወዳእታ ዓወት፡ ሃማድኤ ዞባ ማእከል ስርሓተን ናብ ህዝቢ ከቕርባ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ዝፈጥረለን ዘሎ ባይታ ተመስግን።

### ሓበሬታ

ኣብዚ ንኡስ ዓምዲ ሙተመይዛ ክወጻትደልየወንደቀንስትዮዝምልከት ጽሑፍን ሓበሬታን ብቑጽሪ ሳንዱቕ ጶስጣ 247 ናብ ዓምዲ ደቀንስትዮ ኣልኩም እንተሰዲድኩምልና ወይ ብቑ.ተሌፎን 116266 ደወሉልና ከአንግዶ ምኳንና ንሕብር።

## ልቦን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተጊዮርጊስ

# ኣካላዊ ቋንቋን ስሕበትን

### 2ይን መወዳእታ ክፋል

ኣብ ኣካላዊ ቋንቋ፡ ቀላጽም ንሓደ ሰብ መታን ከይጉዳእ ከም ሓጹር ዘኾንሉ እዮም ዝፍለጡ፡፡ ወሰታታት ቅልጽም ብዙሕ ግዜ እቲ ሰብ ርእሱ ተኣማንኑት ከውሕዶ እንከሎ፡ ሰግኣት ክሕድሮ እንከሎ፡ ዝኒ ሕጂ እትዛረቦ ዘለኻ ክሰምዖ ምስ ዘይደሊ... እዮም ዘንጸብርቑ፡፡

ወሰታታት ቅልጽም ብዓንደ-ርእሶም፡ “ኣነ ንዓኻ ኣይደልየካን'የ፡፡” ኣየሰምዑን እዮም፡፡ የግዳስ፡ ኣብ ልዕሌኻ ኣሉታዊ ስምዒት ከም ዘለዎ ኣዒዕዪኡ ክትፈልጥ ይግባእ፡፡ ክልቲኦም ኣእዳውካ ኣብ ኣፍ ልብኻ ምምስቃል፡ ኣብ ዝኾነ ሃገር ዘንጸብርቕ ኣድማሳዊ ምልክት'ዩ፡፡ ትርጉሙ እንብዘ ንጹር'ዩ፡ “ኣነ ነቲ ትብሎ ዘለኻ ኣይሰማማዓን'የ፡፡ ... ኣነ ርግጸኛ ኣይኮንኩን፡፡ ...ዝኒ ከኑታት ኣይፈተኹዎን ዘለኹ፡፡ ...”

ሓንቲ ጓል ኣብ ቅልጽምኻ (ምናትካ) እንተ ሐዚትካ ትርጉሙ ርዱእ እዩ፡፡ ምልክት ናይ ጽልኢ ዘይኮነ፡ ምልክት ናይ ፍቕሪ እዩ፡፡

ገዛእ-ርእሰኻ ምሕቋፍ (SELF HUG) ሓደ ካብቶም ንጹራት ኣካላዊ ቋንቋታት'ዩ፡፡ ገዛእ-ርእሰኻ ምሕቋፍ ንጸማናይ ኢድካ ኣብ ጸጋማይ መንኩብካ፡ ንጸጋማይ ኢድካ ኣብ የማናይ መንኩብካ ገይርካ ከተመሳቕሎም እንከለኻ'ዩ፡፡ ኣብ ግዜ ቁልዕነትካ ሕማቕ ክሰምዓካ እንከሎ፡ ክንጠራጠር እንከለና፡ ወጥሪ ክሰምዓና እንከሎ ... ወለድና ኣጸቢቖም ይሓቑፉና፡፡ ምስ ዓበኻ ገዛእ-ርእሰኻ ምሕቋፍ ነቲ ናይ ሸዑ ስምዒት ደምሳይ ንምፍጣር እተሓስበ'ዩ፡፡ ሓደ ሰብ ገዛእ ርእሱ ሓቝፉ እንተ ረኢኻዮ፡ ውሕስነት ስኢኑ ከም ዘሎ ክትርድኦ ኣለካ፡፡

ኩሉ ሰብ ክትንክፍ ይደሊ'ዩ፡፡ ስለ ፍልጠታውያን መጽናዕትታት ከም ዘመልከትዎ፡ እቶም ንኹርናዕ ኣድ (ELBOW) ካልኦት ሰባት ዝተንክፉ ካብቶም ዘይተናኸፉ ንላዕሊ ፍቱዋት እዮም፡፡

ኩርናዕ ኣድ ምትንካፍ ቅቡል ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ካብቶም ተኣፈፍቲ ክፋል ኣካላትና ርሕቕ ስለ ዝበለ'ዩ፡፡ ንሓደ ጋሻ ልዕሊ ወይ ትሕቲ ኩርናዕ ኣድ እንተ ተንኪፍካዮ፡ እቲ ግብረ-መልሲ ካብ ትጽበዮ ወጻኢ ክኸውን ይኽእል'ዩ፡፡

ካብ ደቂ-ተባዕትዮ ንላዕሊ ደቀንስትዮ እየን ዝተናኸፋ፡፡ ሓንቲ ጓል ኩርናዕ ኣድካ እንተ ተንኪፋትካ፡ ኣቓልቦኻ ጥራይ ኣይኮነትን ደልያ ዘላ፡ ካብ ብልባ ከም ትፈትወካ'ውን ገሊጻትልካ ኣላ፡፡ ዓይንኻ ናይ ምሕሳይን ዘይምሕሳይን ጉዳይ ንዓኻ ይምልከት፡፡

ኣንፈት ኣካላት (BODY POINTING)፡ እቲ ኻልእ ብጊቡእ ከምልኽ ዘለዎ ኣካላዊ ቋንቋ'ዩ፡፡ ኣካልና ናብቲ ሓንገልና ክኸዶ ዝደሊ'ዩ ኣንፈቱ ዘቐንዕ ዝብሃል ሓቂ'ዩ፡፡ ክልተ ሰባት ክዕልሉ እንከለዉ፡ ካብቲ ኩርናዕ ደው ኣቢሎሓም ተብሂሉና፡ እንታይ ስምዒት ከም ዘለዎምን ናብይ ክኸዱ ከም ዝደልዩን ክንፈልጦም ንኽእል፡፡

ክፉት ኣቃውማ (OPEN POSITIONING) ዝብሃል ኣሎ፡፡ ልክዕ ከምቲ ኣቐዲምና ክፉት-ክብዲ ኢድ ዝጠቐስናዮ እዩ፡፡ ሓደ ሰብ ኣጦካ ተጉዳሲት እንተ ኣሕዲሩ ወይ እንተፈትዩ፡ ክፉት ኣቃውማ'ዩ ዘርእየካ፡፡ ክፉት ኣቃውማ ብመንጽር እቲ ንስኻ ሒዝካዮ ዘሎኻ ኣቃውማ እዩ ዝልካዕ፡፡

ሓደ ሰብ ብዕርክነት ይቐርበካ እንተ ደኣ ሃልዩ፡ ብመንጽር ናትካ ኣቃውማ፡ ብ45 ዲግሪ እዩ ዝጸምዎ፡፡ ከም ወጽኢቱ ናትካ ኣንፈት'ውን ናብ ዓርክኻ ተመሳሳሊ ኩርናዕ'ዩ ዝሕዝ፡፡

ዕጹው-ኣቃውማ (CLOSED POSITIONING) እንጥቀመሉ፡ ምስ ኣዚና እንፈትዎ ሰብ ክንራኸብ እንከለና ኢና፡፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት ኩርናዕ ኣካልና፡ ባዶ ዲግሪ ይሕዝ፡፡ ፊት ንፊት ንጠማመት ማለት'ዩ፡፡ ሓደ ሰብ እንተ ተጸጊዑካ፡ ብዙሕ ከም ዝፈትወካ ንጹር መልእኽቲ ኣመሓላሊፉልካ ኣሎ፡፡

ንሓደ እትፈትዎ ሰብ ዝያዳ ክትጽግዖ ፈትን፡፡ ከምኡ ብምግባርካ ምቹት እንተ ዘይተሰሚዖ ወይ ቁሩብ ርሕቕ እንተ ኢሉካ፡ በቃ ክትሰልኦ የብልካን፡፡ ምኽንያቱ ብጫ መብራህቲ'ዩ ወሊዑልካ፡፡ ቀይሕ ክሳብ ዘውልዓልካ እንታይ ዘጸቢ ኣሎካ?!

ነቲ ኣቐዲምና፡ “ኣንፈት ኣካል ናብቲ ሓንገልና ክኸዶ ዝደሊ'ዩ ዘቕንዕ፡” ዝበልናዮ ደጊምና ክንዘክሮ ይግባእ፡፡ ኣብ ሓደ ጉዛ ብዙሓት ሰባት እንተ ደኣ ሃልዮም፡ ናይ ሓንቲ ጓለንስተይቲ እግራ ናብቲ ዝያዳ ዝፈትዋ ወዲ ተባዕታይ'ዩ ዘመልክት፡፡ ብመንጽሩ፡ ናይ ሓደ ወዲ ተባዕታይ እግሪ ናብታ ዝያዳ መልክዐኛ ጓል'ዩ ዘመልክት፡፡ ኣቕሊብኩሞሉ ትፈልጡ'ዶ?

ክልተ ዝተፈላለዩ ጾታ ዘለዎም ሰባት ኂ ንኂ ክምርሹ እንከለዉ፡ ናይ ክልቲኦም ኣካላዊ ቋንቋ ቀልጢፉ ይፈልጥ፡፡ ደቂ-ተባዕትዮ ተመጣጢጦም ቁመቶም ከንውሑ ይህቅኑ፡፡ ምጉንባሕ (SLOUCHING) ወይ ምጉዕጻጽ (SLUMPING) ዝብሃል የልቦን፡፡

ኣብ ርእሲኡ ኣፍ-ልቡ ከም ሕሰም ይፍሕሱ፡፡ ዘስተንፍስ ዘሎ ኣይመስልን'ዩ፡፡ ከምኡ ብምግባሩ ዓብላሊ የምስሎ፡፡ ብማዕዶ ንዘርእያ ቀልጢፉም ምስ ዝፈትዋ ጓል ሽናዕ ይብል ምህላዉ ክለልያ ይኽእላ፡፡

ሓንቲ ጓለንስተይቲ ነቲ መካይዳ እንተ ፈትያቶ፡ ነቲ ንሱ ዘርእዮ ወሰታታት እወታዊ ግብረ መልሲ ትህበሉ፡፡ ብቓላት ዘይኮነ ብምልክት፡፡ ደይመደይ ኢላ ናብ ኣጥቢታ ከም ዝጥምት ትገብሮ፡፡ ንርእሳ ኣቕኒና ትጥምቶ፡፡ ደጊማ ንጸጉሪ ርእሳ ትትንክፍ፡፡ ንምገዛ ኢዳ እናርእየት ምቕልልናኣ ትገልጸሉ፡፡

ብርግጽ ብዙሕ ዓይነታት ምልክታት ስሕበትን ምኩሻምን (FLIRTING) እዮም ዘለዉ፡፡ የግዳስ፡ እዞም ወሰታታት ደይመደይ ኢልካ ኢኻ እተንጸብርቕም፡፡ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ግና፡ ኣውተማቲክ ኮይኖም ብትሕተ-ውና እዮም ዝፍጸሙ፡፡

ደቂ ተባዕትዮ ምስ ደቀንስትዮ ብምንጽጻር፡ ብዙሕ ናይ ስሕበት ወሰታታት ምርኢት (REPERTOIRE) የብሎምን፡፡ ሓደ ወዲ ንጓል እንተ ፈትዩ ንስብእነቱ ዘጋንን ወሰታ'ዩ ዝጥቀም፡፡

ክፍሊ ምስ ኣተወት ንኽትግደሰሉ ወዲ እንተ ርኢያ፡ ብቐጥታ ዓይኒ ብዓይኒ ክትጥምቶ እያ እትፍትን፡፡ ኣብዚ ናይ ፈለማ ምጥምማት ንኣስታት 23 ካልኢታት ብዓይና ኣብ ዓይኑ ትዓልብ፡፡ ካብኡ ንደሓር ኣዒንታ ትእክብ፡፡ ኣዒንታ ትኣኩብ እምበር፡ ብኻልእ ኣካላታ ወሰታታት ምልኣኽ ኣይተቛርጽን እያ፡፡

ደቀንስትዮ ንጸጉሪ ርእሰን ልዕሊ ብርሰን ወረቐትን እየን መልእኽቲ ዘመሓላልፋሉ፡፡ ኣብ ጥቓ እቲ ዓይነን ዘውደቓሉ ወዲ ምስ ቀረበ፡ ጸጉሪ ርእሰን ኣሰሰ ብምባል፡ ‘ኣድካ ንላዕሊ!’ ኢለን ክምርኽኦ ይህቅና፡፡ ንጸጉሪ ርእሰን ካብ መንከባትን ገጽንን ብኣደን ብምእላይ ኣቓልቦ ክስሕብ ይህቅና፡፡ ዋላ እተን ሓጺር ጸጉሪ ርእሲ ዘለወን ደቀንስትዮ፡ ዓፍራ ከም ዘሎ እስከ ኣብ ሓንጎልና ንቕረጾ፡፡ እቲ ዓፍራ ነቲ ሰብን ንእሹቶ ከብበኡን የጠቓልል፡፡ ነቲ ሰቡ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ውሽጢ እቲ ዓፍራ ዝርከብ ሰፍራ “ናቱ” እዩ፡፡ እቲ ከባቢ ውልቃዊ ቦታ (PERSONAL SPACE) ይበሃል፡፡ መጠን ናይቲ ውልቃዊ ቦታ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክፈላለ ይኽእል፡፡ የግዳስ ዓቢ ፍልልይ የብሉን፡፡

ክልተ ሰባት ኣዕርዮም ዝቀራረቡ እንተ ኾይኖም፡ ንኣብነት ፍቑራት ኣሕዋት፡ መጻምድቲ፡ ኣዕሩኽ...እንተ ኾይኖም፡ መብዛሕትኦም 15-45 ሰንቲ ሜትር ተቐራሪቦም ኮፍ ይብሉ፡፡ ነቶም ዝያዳ ዘቐርቡና ጥራይ ኢና ብኸምዚ ክቐርቡና እንፍቅደሎም፡፡ ካልኦት ሰባት ብኸምዚ እንተ ተጸጊዖምና ሰግኣት ይፈጥረልና፡፡ ከም ሳዕቤኑ፡ ከይፈተና ካብቲ ሰብ ንፍንተት፡፡

ሰባት ናብዮም ናትና ኢና እዮም ብዙሕ ግዜ ብደቂ ተባዕትዮ ዝንጸብረቑ ወሰታታት - ኣፍልቦም ይፍሕሱ፡ ንሕቖኦም ጥልዕ የብልዎ፡ ንኸብዶም ንውሽጢ ገጾም ይስሕብዎ፡፡ ኣብ ኣኩዳድናኦም ብፍሉይ ተጉዳሲት የሕድሩ፡፡ ንጸጉሪ ርእሶም ብተደጋጋሚ ይተናኸፍዎ፡፡

ደቂ ተባዕትዮ ንግባይቶ ኣጻብዕቶም ንላዕሊ ገጾም ብምቕናዕ ከም ምልክት ዕብለላኦምን ሰብኣኦቶምን ይጥቀምሉ፡፡ ንፍቕሪ ኣብ ምግላጽ ንፉዓት ኣይኮኑን፡፡

ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ኣናብባ ኣካላዊ ቋንቋ ትኩራት ስለ ዘይኮኑ፡ ደቀንስትዮ ኣገዚዩ ንጹር ኣካላዊ ቋንቋ ክጥቀማ ይግደዳ፡፡ ዋላ ዝኒ ንጹር መልእኽቲ ደቀንስትዮ ዘይርድኡ እቶም ዝበዝሑ እዮም፡፡

እቲ ዝኸፍአ ነገር፡ ገለ ደቀንስትዮ ንዘይለይኦም ደቂ ተባዕትዮ ብዛዕባኦን እንታይ ከም ዝሓስቡ ንምፍላጥ፡ እተሓዋወሱ ምልክታት (MIXED SIGNALS) ስለ ዘንጸብርቓ እየን፡፡ ከም ሳዕቤኑ፡ ወዮም ደቂ-ተባዕትዮ ድንግርግር የኣትዎም እሞ፡ ናብኣን ከይቀረቡ ይተርፉ፡፡

ሓንቲ ጓለንስተይቲ ናብ ሓደ ዝኒ ወሰታ ብጊቡእ እየን ዝጥቀማሉ፡፡

ደቀንስትዮ ንኣካላዊ ቋንቋአን ካብ ልሳነን ንላዕሊ ክጥቀማሉ ስለ ዝደልያ፡ ቀጻሊ እየን ዝረቓቕቓሉ፡፡ “ርእሱ ምትንካፍ” (SELF TOUCH) ዝብሃል ወሰታ ኣለወን፡፡ ኣብ ጥቓ ዝፈትውኦ ወዲ ክበጽሓ እንከለዋ፡ ካብ ጉልኣን ክሳብ ሰለፈን ብዘገምታ ብኣደን ይድህሰሳ፡፡ ኣብ ከባቢ ክሳደን ተመሳሳሊ ዳህሳስ ብምኽያድ ዘዛሓርሩ እውን ኣዲኣን ትቑጽረን፡፡

ንብዙሓት ደቂ-ተባዕትዮ ናይ ምዕባለ ሕማም ከም ዘለዎም ደቀንስትዮ ኣዒዕዪሮን እየን ዝፈልጣ፡፡ ከም ወጽኢቱ ንገዛእ ርእሰን ትሕትና ይምህራ፡፡ ሓደ ካብኡ “እተቓልዐ ክሳድ” (EXPOSED NECK) ዝብሃል ኣለወን፡፡ እዚ ማለት፡ ንርእሰን ናብ ሓደ ወገን መንከበን ብምቕናን ንኽሳደን ናብቲ ዝፈትውኦ ወዲ ተባዕታይ የርእያ፡፡ እዚ ምልክት ንደቂ ተባዕትዮ ዝያዳ ልዕልና ዘለዎ ዝፈጥረሎም፡ ናብ ጓል ክጽግዑ ዝሕግዝ ኣይብሉን፡፡

ስለ ፍልጠታዊ መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽዎ፡ ክልተ ሰባት ብስምዒቶም ብዝተቐራረብዎ መጠን፡ ኣብ ኮፍ ኣቢሎሓም፡ ደው ኣቢሎሓም ዝያዳ ይቀራረቡ፡፡ ኣብ ከባቢ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ እንብሎም ሰባት ንጽጋዕ፡ ካብኡ ሓሊፍና እውን ንተናኸፍ፡፡ ፍቑራት ኣድ ንኣድ ይተሓሓዙ፡፡ ንኣእዳው ሓድሕዶም ይፈሓፍሕዎ፡፡ ኣብ መንኩብ ሓድሕዶም ይተናኸፉ፡፡

ጓል ኣንስተይቲ ንወዲ ተባዕታይ ከም ዘፍቀረት እትገልጸሉ ዝበለጸ መልእኽቲ፡ ብኹብዲ ኢዳ ኣብ ኣፍ ልቡ እንተ ተንኪፋቶ እያ፡፡ ብመንጽሩ፡ ወዲ ተባዕታይ ንጓል ኣንስተይቲ ኣብ ጎላኣ ወይ ሕቖኣ እንተ ሒዝዋ፡ ካልእ መብርሂ ኣየድልዮን እዩ፡፡

እቲ ቐንዲ ነገር ኣብዚ ከተኩረሉ ዘሎና፡ ኩላትና ነቲ ናትና ኮይኑ ዝሰመዓና ኢና እንትንክፎ፡፡ ዝኒ ድማ ብዙተፈላለዩ ኣገባባት ነንጸባርቖ፡፡ ንዝኾነ ምትንኻፍ ኣጻብዕቲ፡ ቅልጽም ዋላ እግሪ ሸለል ክንብሎ የብልናን፡፡

መወከሲ፦ BODY LANGUAGE AND ATTRACTION

- FLIRTING AND ATTRACTION GESTURES



# ስፖርት

## ዓበይቲ ዓወታት ሕጹያት ሽልማት ኑማ ኣብ 2013

ኣብዚ ዝሓለፈ ቅንያት ሓደሽ ዓመት ንናይ 2013 ብሉጻት ስፖርተኛታት፡ ኣሰልጠንትን ኣብ ስፖርት ፍሉይ ኣበርክቶ ዝገበሩን ዜጋታት ብኽፍሊ ሬድዮ ሚኒስትሪ ዜና ዝተዳለወ በኹሪ "ሽልማት ኑማ" ከም ዝተዋህበ ይዝከር። በዚ መሰረት ብሉጽ ስፖርታዊ ዓመት 2013 ተቐዳዳማይ ብሽክሊታ ናትናኤል ብርሃነ፡ ብሉጽ ኣሰልጣኒ ሳምሶን ሰለሙን፡ ብልጽቲ ስፖርታዊት ተቐዳዳሚት ብሽክሊታ ውሓዚት ኪዳን ክምኡ'ውን ኣብ ዓውዲ ስፖርት ኤርትራ ልዑል ኣበርክቶ ዝገበረ - ወናኒ ጋንታ ኤሌክትሮላይት ኣቶ የውሃንስ ተስፋይ፡ ተዓወቲ ፈላሚ "ሽልማት ኑማ" ክኾኑ ከምዝበቕዑን ብምገዕናት ዜና ምሕባሩን ከኣ ይፍለጥ። ኣብቲ ንፈለማ ግዜኡ ኣብ ሃገርና ዝተኻየደ ምዕዳል ሽልማት ንብሉጽ ስፖርተኛ 2013 ሕጹያት ኮይኖም ቀሪቦም ዝነበሩን ናይ ዓመት 2013 ውዕሎኦምን ድማ እንሆ ኣብ ክልተ ክፋል መቒልና ነቕርበልኩም። ኣዳላዊኡ ጋዜጠኛ ስፖርት ኣማኑኤል ኣልኣዛር'ዩ።



***

**ተኽለማርያም መድሕን** - ኣትሌት ተኽለማርያም መድሕን ንዓመት 2013 ብዓወት ውድድር ጉያ መሮር ኢዩ መዊሉዋ። ኣብ ሰዳሻይ ኣብ ዘካየዶ ውድድር - ኣብ ወርሒ ጥሪ ምኻኑ ኢዩ - 1ይ ደረጃ ሒዙ። ኣብ ወርሒ መጋቢት ብኣህጉራዊ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ - ያፍ ኣብ ኣፍሰወከፍ ክልተ ዓመት ኣብ ዘእንገድ ውድድር ጉያ መሮር ዓለም ኣትሌት ተኽለማርያም መድሕን 3ይ ደረጃ ብምሓዝ ተሸላሚ ኑሓስ ሜዳልያ ኮይኑ ንሃገርና መዳልያ ኣምጺኡላ።

ኣትሌት ተኽለማርያም ኣብ ፖርቱጋል ኣብ ዝተኣንገደ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ንፈለማ ግዜኡ ተሳቲፉ 3ይ ደረጃ ብምሓዝ ኣብዚ ርሕቀት'ዚ ከደምዕ ከምዝኽእል ኣረጋጊጹ። ናብ ዓለምለኻዊ ውድድር ኣትሌቲክስ ዘአትዎ መጻረዩ ጉያ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣካይዱ 27 ደቒቕን 19 ካልኢትን ሃሪሙ ድማ 7ይ ተርታ ሒዙ። ኣትሌት ተኽለማርያም ድሒሩ ኣብ ሰዳሻ ኣብ ዘካየዶ ክልተ ናይ ጉያ መሮ ውድድራት ኣብ ፋልማይ 3ይ ድሒሩ ድማ 2ይ ደረጃ ብምሓዝ ኣብ መድረኽ ደይቡ። ኣብ ዝተፈላለዩ ኢጋጥሚታት ምስ ምኩራት ኣትሌታት ኮይኑ ተመኪሮ ዝቐሰመ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ተኽለማርያም መድሕን ተመኪሮ ድሕሪ ምቕሳሙ ንሱ'ውን ንሃገራዊት ጋንታ መሪሑ ኣብ ብዙሕ ኢጋጥሚታት ተሳቲፉ ኢዩ። ብፍላይ ድማ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣብ ዓለምለኻዊ ውድድር ጉያ መሮር 2013 ፖላንድ ብዘይ ኣሰልጣኒ ናብቲ ቦታ ኣብ ዘምርሓትሉ እዋን ኣትሌት ተኽለማርያም ነታ ጋንታ ብምሉእ መሪሕዋ ሒዚዋ ብምስታፍ 3ይ ደረጃ ሒዙ ኑሓስ ሜዳልያ ተሸሊሙ።

**ንገሰ ኣምለሶም** - ኣብ ወርሒ መጋቢት ኣብ ቻይና ኣብ 21 ኪሎሜተር ርሕቀት ጎይዩ ብ1ሰዓትን 46 ካልኢትን 3ይ ደረጃ ብምሓዝ ንጥፈታቱ ዝኸፈተ ኣትሌት ንገሰ ኣምለሶም ንሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ወኪሉ ኣብ ፖላንድ ኣብ ዝተኣንገደ ውድድር ጉያ ሞሮር'ውን ተሳቲፉ ኢዩ። ኣብ ዓለምለኻዊ ኣትሌቲክስ ሞስኮ ኣብ ናይ 10 ሽሕ ሜትሮ ርሕቀት መሓመድ ፋራሕ ኣብ ዝተዓወተሉ ዓቢ ውድድር 8ይ ደረጃ ብምሓዝ ኣብ ናይ ፕዝዞብ ሽልማት ዝኣተወ ኣትሌት ንገሰ ኣምለሶም ኣብ ኣህጉርና ኣብ ኣንጎላ ኣብ ዝተኻየደ ናይ 21 ኪሎሜተር ርሕቀት 3ይ ደረጃ ብምሓዝ ደጊሙ ኣብ ሽልማት በቒዑ። ኣትሌት ንገሰ እቲ ዝበለጸ ወጽኢቱ ኣብ ሆላንድ ኣብ ዝተኻየደ 16 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ናይ ጽርግያ ውድድር ንብሉጻት ኬንያውያን ተቐዳደምቲ በለጹ 1ይ ደረጃ ዝሓዘሉ መድረኽ እቲ ቀንዲ ስም ክረኽብ ዝሓገዞ ኢዩ። ብወዲ-ሓከም ዝበል ሳጓ ዝፍለጥ ኣትሌት ንገሰ ሓደ ካብ ዕሉላት ደገፍቲ ክለብ ኩዕሶ እግሪ ቺፖለኒ ዝነበሩ ኮይኑ፣ ክለብ ቺፖለኒ ስማ ናብ ክለብ ተሰፋ ኣብ ዝቐየረትሉ ዓመታት ካብ ልዑል ስምዒት ከም ሓኪም ኮይኑ ምስታ ጋንታ ናብ ዝተፈላለዩ ጸወታታት ይኣቱ ኔሩ። ኣትሌት ንገሰ ኣምለሶም፣ ምስ ናይ ጉዝውቱ ክለብ ኣጥቓውል ብምኻን ኣብ ታሕተዋይ ዲቪዝዮን ተጻዊቱ ኢዩ። ብዝበርሮ ፍጥነት ድማ ካብቲ እዋን ጀሚሩ ኣብ ኣትሌቲክስ ክዘጥፍ ብዝተፈላለዩ ሰባት ርእይቶታት ይመጾ ኔሩ።

**ዘርኢት የውሃንስ** - ኣከፋፋሊ ክለብ ኩዕሶ እግሪ ኣኽር ዘርኢት የውሃንስ ካብ ማእከል ሜዳ ሰጊሩ ሸቶታት ናይ ምምዝጋብ ክእለት ዘለዎ ተጻዋታይ ኢዩ። ንክለብ ኣኽር ኣብ ዓመት 2013 ምስ ብዙሕ ሕጽረታታ 5ይ ደረጃ ሒዛ፣ ድሕሪ ናይ ዞባ ማእከል ጋንታታት ክትዛዝም መሪሕ ተራ ዝተጻወተ ዘርኢት ኣብታ ዓመት ካብ ዘካየዶም 13 ጸወታታት ክልተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ። ኣብ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ምስ ጋንታ በኣፈር ብምኻን ካብ መስመር ምክፍፋል ሓሊፉ 7 ሸቶታት ብምምዝጋብ ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሸቶ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ዝኾነ ዘርኢት የውሃንስ፣ ኮኾብ ተጻዋታይ'ቲ ውድድር ብምኻን ክልተ ሽልማት ኢዩ ዓቲሩ'ዩ።

ይቕጽል

## ናዝሬት ወልዱን ውሓዚት ኪዳንን

**ናዝሬት ወልዱ** - ኣብ ውድድር ኣትሌቲክስ ንሃገር ወኪላ ኣብ ዓመት 2013 ኣብ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ውድድራት ዝተሳተፈት ኣትሌት ናዝሬት ወልዱ፡ ኣብዛ ዓመት ጥራይ ኣብ 3 ዓይነታት ውድድር ናይ ውልቃ ሓደሽ ግዜ ኣመዝጊባ'ላ። ኣብ ዓለምለኻዊ ውድድር ጉያ ሞሮር ማብል 19 ደረጃ ዝሓዘት ናዝሬት፡ ንመጀመርታ ግዜኣ ኣብ ውድድር 5 ሽሕ ሜትሮ ኣብ ሽወደን ተሳቲፋ 15 ደቒቕን 42 ካልኢትን ብምህራም ውልቃዊ ግዜኣ ኣመሓይሻ። ኣትሌት ናዝሬት ኣብ ውድድር 10 ኪሎሜተር ጽርግያ ኣብ ጀርመን 33 ደቒቕን 22 ካልኢትን ሃሪማ ውልቃዊ ግዜኣ ብምምሕያሽ 1ይቲ ደረጃ ሒዛ። ኣብዛ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ ኣብ ቻይና ኣብ ዘካየደቶ ፈላሚ ናይ ፍርቂ ማራቶን ውድድር ድማ ኣትሌት ናዝሬት ውድድራ ብ1 ሰዓትን 14 ደቒቕን 9 ካልኢትን ብምዛዛም 2ይቲ ወጺኣ። ኣትሌት ናዝሬት ኣብዚ ዓመት ኣብ 3 ዓይነት ውድድራት፣ ጉያ መሮር፣ ትራክን ጽርግያን ብምስታፍ ኢያ ሰለስተ ሓደሽ ውልቃዊ ግዜኣ ኣመሓይሻ ዘሎ።



**ውሓዚት ኪዳን** ኣብ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2013 ብፍሉይ ደሚቓ ዝወጸት ውሓዚት ኪዳን፣ ኣብ ውድድር ግዜ ክሮኖሜተር ውልቂ ነታ ብደረጃ ዓለም ተጸዋዒት ዝኾነት ደቡብ ኣፍሪቃዊት ኣሸለጊ ሞልማን ተኸቲላ 2ይቲ ደረጃ ብምሓዝ ተሸላሚት ብሩር ሜዳልያ ኮይና። ኣብ ናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር ውሓዚት ምስ መሳንይታ ብምኻን ወርቂ ሜዳልያ ዓቲራ ኢያ። ውሓዚት ዓቕማ ኪኖ ኣፍሪቃ ክኸይድ ከምዝኽእል ዘርኣየ ወጽኢት ኣብ ውድድር ጽርግያ 3ይቲ ብምውጻእ ተሸላሚት ንሓስ ሜዳልያ ምስ ኮነት ብዮሩብሪ ተረጋጊጹ ኢዩ።

ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣብ ዝካየዱ ኩሎም ውድድራት ተሳዒራ ዘይትፈልጥ ውሓዚት ሻምፕዮን ኤርትራ 2013 ኣብ ርእሲ ምኻና፣ ኣብ ውድድር ግዜ ሻምፕዮን ኤርትራ'ውን ብዓብላሊ ሰዓት ተዓዊታ ኢያ። ብዘይካ'ዚ ድሕሪ'ውን ሻምፕዮን ዞባ ማእከል 2013 ኮይና ኢያ።

## ሓጺር ዜና ወጻኢ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

= ኣከፋፋሊ ነማንያ ካብ ክለብ በንፊካ ናብ ክለብ ቸልሲ ብ22 ሚልዮን ኤውሮ ምሉእ ብምሉእ ተሰጋጊሩ። እዚ ተጻዋታይ ብሓያሎ ክለባት ተጠሚቱ ከም ዝነበረ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ካብ'ተን ጠለባት ዘቕረባሉ ጋንታታት ንቸልሲ ዝመረጸሉ ምኽንያት ምስ ጆሰ ሞሪኖ ኮይኑ ክጻወት ባህ ስለ ዝበሎ ምኻኑ ገሊጹ። "ናብ ቸልሲ



ዝመጽእኩ ምስ'ቲ ናይ ዓለምና ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ንኽሰርሕ እየ" ክብል ንሞሪኖ መጉሱ፡ "ብኻልኦት ጋንታታት ጠለብ ቀሪቡለይ እዩ፣ እንተ ኾነ ግን ሞሪኖ ኣገዳሲ መሳጢ እዩ፡ ንዊሕ እዋን ምስኡ ክሰርሕ ድማ ድሉው ኣለኹ ኢሉ፡ ኒማንያ ቅቁጽሪ 21 ማልያ ለቢሱ ምስ ቸልሲ ክጻወት'ዩ።

= ኣሰልጣኒ ኤቨርተን ሮበርቶ ማርቲነዝ ኣብ'ዚ ናይ ምስግጋር ወቕቲ ነቲ ናብ ሃል ሲቲ ዝተሰጋገረ ኣባል ጋንታኡ ጀሻሊክ ዝትክእ ተጻዋታይ ክናዲ ምኻኑ ኣፍሊጡ። እቲ ኣብ ፈለማ ምኽፋት ምስግጋር ተጻወትቲ ንናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ሰልቲክ ኣይደን ማጌዲ ዘፈረመ ኣሰልጣኒ፡ ኣብ ኤቨርተን ምስ'ቲ ካብ ቸልሲ ብልቓሕ ዝተሰጋገረ ሮመላ ሉካኩ ተወዳዲሩ ብቐዳምነት ናይ ምስላፍ ዕድል ክረክብ ብዘይምኽኣሉ'ዩ ናብ ሜዳ ሃምፕሮሳይድ ክግዕዝ ዝወሰነ። እቲ ተጻዋታይ ኣብ ጥሪ 2012 ብሓሙሽተ ሚልዮን ኤውሮ ካብ ረንጀርስ ናብ ኤቨርተን ከም ዝተሰጋገረ ይዝከር።

= ኢጣልያዊት ክለብ ፊዮሮንቲና ንኣጥቃዓይ ኣለሳንድሮ ማትሪ ካብ መቐናቕንታ ኤሲ ሚላን ብልቓሕ ከም ዘሰጋገረቶ ኣፍሊጣ። ወዲ 29 ዓመት ማትሪ ኣብ'ዚ ወቕቲ'ዚ ጋንታኡ ኣብ ዘካየደቶም ኣብ 18 ጸወታታት ክሰልፍ ክኢሉ እዩ። ሕጂ ግን ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣብ ሜዳ ኣርተሚዮ ፍራንቺ ክጻወት'ዩ።

= ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ኣርሰን ቨንገር ጋንታኡ ንኣስቶን ቪላ 2 ብ1 ብምስዓር ናብ መሪሕነት ድሕሪ ምሕኳራ፡ ኣርሰናል ዋንጫ ንምዕታር ብዘለዓለ ክትምኮት'ያ" ገሊጹ።

ጋንታኡ ኣርሰናል ምስ ኣስቶን ቪላ ኣብ ዘካየደቶ ኣገዳሲ ግጥም፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ብጸወታ ብምዕብላል፡ ካብ ኣከፋፋሊ ጃክ ዊልሸርን ኣጥቃዓይ ኦሊቨር ጅሩድን ክልተ ሸቶታት ብምርካብ ናብ ዕረፍቲ ድሕሪ ምውጻኣ፡ ኣብ ዝቐጸለ እብረ ግን ብኣስቶን ቪላ ክትድብደብ እያ ተራኢያ። ከም ናይ'ዚ ውጽኢት ድማ ኣስቶን ቪላ ካብ በንተኸ ሓንቲ ጎል ክትረክብ ክኢላ ነይራ። ኣርሰን ቨንገር እውን "ኣብ ቀዳማይ እብረ ተጻዊትና፣ ኣብ ካልኣይ እብረ ድማ መኪትና"

ብርሃነ ምሕረትኣብ

# ወተሃደራት ኣመሪካ ሬሳ ዒራቓውያን የቃጽሉ

ኣብ ዒራቕ ከባቢ ከተማ ፋሉጃ ዝተዋፈሩ ኣመሪካውያን ወተሃደራት፡ ሬሳታት ዒራቓውያን እናቓጸሉን ንኣኽላባት እናሃቡን ዘርኢ ኣሳእል ተረኺቡ።

እቲ ብቲ.ኤም.ዘድ ዝተባህለ መርበብ ኢንተርነት ዝተዘርገሐ ኣሳእል፡ ወተሃደራት ኣመሪካ ሕልናን ሞራልን ሰብ ዘይቅበሎ ሬሳታት ዒራቓውያን ነዳዲ ነስኒሶም እናቓጸሉን ንኣኽላባት እናሃብዎን'ዩ ዘርኢ።

ቅድሚ ሎሚ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣቡቕሬይብ ናይ ዒራቕ ዝርከቡ ወተሃደራት ኣመሪካ ንእሱራት ብልዕቶም



ብኣኽላባት ከንክሱን ካልእ ኣሰቃቒ ገበናት ክፍጽሙን ከለዉ ዘርኢ ኣሳእል ብሓንቲ ኣብ ኣውስትራልያ እትሕተም ጋዜጣ ምዝርግሑ ኣይርሳዕን።

# ሙሻራፍ ኣብ ኣመሪካ ክሕከም ይደሊ



ብኽሕደት ሃገር ተኸሲሱ ዘሎ ፕረዚደንት ፓኪስታን ነበር ፐርቨዝ ሙሻራፍ ብጽኑዕ ሓሚሙ ብምህላዉ ናብ ኣመሪካ ከይዱ ክሕከም ከምዝደሊ ይገልጽ ኣሎ።

እቲ ኣብ ከተማ እስላማባድ ኣብ ናይ ገዛ ማሕዩር ኣትዩ ዝርከብ ፕረዚደንት ነበር፡ ብሕማም ልቢ ይሳቐ ምህላዉ'ዩ ዝገልጽ ጠበቓኡ ኣንዋር መንሱር ክሃን፡ ኣብ ቴክሳስ ኣብ ዝርከብ ሆስፒታል ክሕከምን ጥዕንኡ ክሳብ ዝመሓየሽ ኣብኡ ክጸንሕን ከምዝኾኖ ድማ እቲ ጠበቓ ይከራኸር ኣሎ። ንሱ ናብ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝለኣኾ ደብዳበ'ዩ ዚ ሓቲቱ። ብዕልዋ ስልጣን ዝጨበጠ ሙሻራፍ፡ ኣብ 2007 ህጹጽ ድንጋገ ብምእዋጁን ንሓያሎ ደያኑ'ታ ሃገር ብምእሳሩን'ዩ ተኸሲሱ ዘሎ።

ፕረዚደንት ሙሻራፍ ኣብ 1999 ነቲ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ስልጣን ሒዙ ዘሎ መንግስቲ ናዋዝ ሸሪፍ ብምዕላው'ዩ ስልጣን ጨቢጡ። ድሕሪ 10 ዓመት ብወለንታኡ ስልጣኑ ብምግዳፍ ናብ ስደት ከምዝምረሐን ኣብ ምርጫ ንኽወዳደር ግን ናብታ ሃገር ከምዝተመልሰን ይፍለጥ።

ይኹን'ምበር ሙሻራፍ ናብ ፓኪስታን ኣብ ዝተመልሰሉ እዋን፡ ብመንግስቲ ናዋዝ ሸሪፍ ኣብ ቀይዲ ክኣቱ እንከሎ፡ ኣብ ልዕሊኡ ክሳብ ሞት ዘፍርድ ክሲ ክሕደት ሃገር ተመስሪቱሉ ምህላዉ ጸብጻባት የመልክቱ።

■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■ ■

# ዜና ብሓጺሩ

ቤት ፍርዲ ሄግ ንቕትለት ቀዳማይ ሚኒስተር ሊባኖስ ነበር ራፊቕ ሓሪሪ ክጻረ ከምዝጀምር ተሓቢሩ። በቲ ቕትለት ዝተኸሱ ኣርባዕተ ሰባት ምስ ዕጡቕ ጉጅለ ሕዝቦላህ ርክብ ከምዘለዎም ዝጥቀስ ኮይኑ፡ ጉዳዮም ኣብ ዘየለውሉ'ዩ ኣብ ከተማ ሄግ ተኸፊቱ ዘሎ።

መጋባእያ ሄግ ነቲ ጉዳይ ክጻርዮ ዝወሰነሉ ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ሕዝቦላህ ጸቕጢ ንምግባር ከይኮነ ከምዝይተርፍ'ዩ ዝንገር። ሕዝቦላህ፡ ራፊቕ ሓሪሪ ብውዲት እስራኤልን ኣመሪካን ከምዝተቐትለ'ዩ ዝኸስስ። ሓሪሪ ምስ 22 ካልኦት ሰባት ኣብ መኪና ብዝተጻወደ ዝፍ ነታጒ ኣብ 2005 ኣብ ከተማ በይሩት'ዩ ተቐቲሉ።

***

ሩዋንዳ ናብ ረፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ ዝለኣኸቶ ፈላሚ ጉጅለ ወተሃደራት ዓቃብ ሰላም ሕብረት ኣፍሪቃ ናብታ ሃገር ኣትዩ።

ኣብታ ሃይማኖታዊ ግጭት ዝቐደላ ዘሎ ሃገር፡ ዛጊት 4400 ወተሃደራት ዓቃብ ሰላም ተዋፊሮም'ኳ እንተለዉ፡ እቲ ምፍሳስ ደም ግን ገና ይቕጽል'ዩ ዘሎ። በዚ ድማ ብዘሒ ናይቲ ኣብ ሪፓኣፍሪቃ ዝዋፈር ሰራዊት ዓቃብ ሰላም ናብ ሽዱሽተ ሽሕ ክብ ክብል ወጥን ተታሒዙ ኣሎ።

መንግስቲ ረፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ፡ ዝሓለፈ ዓመት ብእስላማውያን ዕጡቓት - ሰለካ ድሕሪ ምዕላዉ እታ ሃገር ናብ ዝኸፍኣ ሃይማኖታዊ ምፍሳስ ደም ትጥሕል ምህላዋ ተንተንቲ የመልክቱ።

***

ኣባላት ባይቶ ካታሎኝያ፡ ነበርቲ'ታ ዞባ ረፈረንደም ክካየዱ ዘፍቅድ ሕጊ ንምጽዳቕ ተጋቢኦም። እቶም ኣባላት ባይቶ ነቲ ሕጊ ምስዘጽድቕዎ፡ መጻኢ ዕድል ዞባ ካታሎኝያ ብረፈረንደም ክውሰን ነበርቲ'ታ ዞባ ከድምጹ'ዮም።

ዝበዝሑ ካብቶም ኣብ ትሕቲ ስጳኛ ዝርከቡ 7.5 ሚልዮን ካታሎኛውያን ናጻ ሃገር ናይ ምምስራት ድሌት ከምዘለዎም'ዩ ዝግለጽ። ይኹን'ምበር እቲ ክካየድ ዝደሊ ዘሎ ረፈረንደም ብመንግስቲ ስጳኛ ክግታእ ከምዝኸእል'ዩ ዝግለጽ። ዝሓለፈ ቅንያት ቀዳማይ ሚኒስተር ስጳኛ ማሪያኖ ራጆይ ውጥን ረፈረንደም ካታሎኝያ ከምዘሰርዞ ኣጠንቂቑ'ዩ።

***

ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመት ኣስታት ሓደ ሽሕ ብሪጣንያውያን መማህራን ምስ ገዛእ ተመሃሮኦም ጾታዊ ርክብ ከምዝጸንሐም ኣብታ ሃገር ንዝተኻየደ ምጽራያት ብምጥቃስ ፕረስ ቲቪ ሓቢሩ።

እቲ ምጽራይ ካብ 2008 ክሳብ 2013 እዩ ተኻይዱ። ድሕሪ'ቲ ምጽራይ ዛጊት 959 መማህራን ክስጎጉን ክቕጽዑን እንከለዉ፡ 254 ጉዳያት ድማ ናብ ፖሊስ ተሰጊጊሩ ምህላዉ እቲ ሓበሬታ ኣዘኢሩ።

# "መኮንናት ኣሃዱ ኑክሊር ኣመሪካ ኣብ መርመራ ይቕድሑ"

ኣብ ሓይሊ ኣየር ኣመሪካ ኣሃዱ ኑክሊሳዊ ሚሳይል ዝኾኑ 34 መኮንናት፡ ሞያዊ ብቕዓቶም ንምምዛን ኣብ ዝተኻየደሎም መርመራ ካብ ብጾቶም ክቕድሑ ስለ ዝተታሕዙ ካብ ስራሕ ደስኪሎም።

ብመሰረት በቢሲ ዘመሓላለፎ ዜና፡ እቶም ኣባላት ኣሃዱ ኑክሊሳዊ ሚሳይል ዝኾኑ መኮንናት፡ ነቲ ዝተዋህቦም መርመራ ኣብ ክንዲ ባዕላቶም ዝምልሱዎ ምስ ዕድመኦምን ሞያኦምን ዘይከይድ ብመገዲ መልእኽቲ ሞባይል ንብጾቶም ክወሃሱ'ዮም ተረኺቦም።

ገለ ካብቶም ካብ ስራሕ ክበኹሩ ተገይሮም ዘለዉ ወተሃደራውያን መኮንናት ኣመሪካ፡ ነቲ ናይ ምቕዳሕ ተግባራት ፈሊጦም እንከለዉ ሸለል ኢሎም ብምሕላፍ ንኣዕለዎት ሰብ መዚ ዘይሓበሩ'ዮም።

ኣብ ሓይሊ ኣየር ኣመሪካ ንዘጋጠመ ዘሎ ተጠቃምነት ዕጹፋርስ እትምርምር ወተሃደራዊት ኮሚሽን'ታ ሃገር ናይ ምጽራይ መስርሓታ ኣብ እትቕጽለሉ እዋን'ዩ እዚ ዜና ዝዘርጋሕ ዘሎ።

ብፍላይ ኣብ መዓስከር ሞንታና ኣብ ዝርከብ ኣሃዱ ኑክሊሳዊ ኣጽዋር ዘለዉ መኮንናት ኣብ ሰርቅን ምትላልን ምእታዎም'ዩ ተገሊጹ ዘሎ።

ኣብቲ ወርሓዊ ዝካየድ ናይ ብቕዓት መረጋገጺ መርመራ ከታልሉ ተረኺቦም ዘለዉ መኮንናት ኣሃዱ ኑክሊሳዊ ኣጽዋር፡ ማዕርጎም ካብ ምክትል ተለንተ ክሳብ ካፒተን ዝበጽሕ ምዃኑ ጸሓፊት ሓይሊ ኣየር ኣመሪካ ደቦራ ጀሚስ ገሊጻ።




ካብቶም መኮንናት ገሊኦም ኣብ ናይ ምቕዳሕ ተግባራት ክዋፈሩ እንከለዉ፡ ገሊኦም ድማ ዘይሓበሩን ወይ ነቲ ተግባራት ደው ከብልዎ ዘይከኣሉን ምዃኖም እታ በዓልቲ ስልጣን ኣፍሊጣ፡ "እቲ ጸገም ናይ ገለ ኣባላት ናይቲ ክፍሊ'ምበር፡ ናይ ምሉእ ኣሃዱ ኣይኮነን" ብምባል ድማ ተኸላኺላ።

ኣቐዲሞም ሰለስተ መኮንናት ናይቲ ኣሃዱ ዘይሕጋዊ ዕጹፋርስ ሒዞም ብምጽንሖም ካብ ስራሕ ከምዝተሰጎጉ ጸብጻብ በቢሲ የመልክት።

ዝሓለፈ ጥቅምቲ፡ በዓል ክልተ ኮኾብ መጀር ጀነራል ማይክል ኬሪ ዝተባህለ በዓል-ስልጣን ሓይሊ ኣየር ኣመሪካ ብሰኽሒ ኽቱር ማስተ ካብ ስራሕ ክስጎግ ከሎ፡ ሞያዊ ብቕዓት ጎዲልዎም ዝተባህሉ 17 ኣባላት ኣሃዱ ኑክሊሳዊ ሚሳይል'ታ ሃገር ድማ መዓርጎም ከምዝተገፉ ጸብጻባት ኣመልኪቶም።

## ሎሚ ውን ኣሎ.......

ሀርሚት ኣሞው ሓጂ ወዲ 80 ዓመት ሸማግለ'ዩ። እዚ ኢራናዊ ዝበዝሐ ዕድሚኡ ኣብ በዓቲ እናደቀሰ'ዩ ኣሕሊፍዎ። ጋዜጣ ኢራን ታይምስ ከምዝሓበረቶ፡ ንሱ ወዲ 20 ዓመት እንከሎ ኣገዛዩ ዘፍቅራ በዓልቲ ቤት ነይራቶ። ንብር ህይወት'ውን ይመርሕ ነበረ። ኣብ ግዜ ንእስነቱ ምስተፈልየቶ ግን ካብ ከተማ ወጻኢ ኢልካ ናብ ዝርከብ ጎሓፍ ዝእከበሉ ቦታ'ዩ ከይዱ። ክሳብ ሕጂ ድማ ኣብኡ ይነብር ኣሎ። ሓጂ፡ ኣእምሮኡ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት እናሃለወ ነቲ ዓይነት መነባብሮ ምምራጹ ንብዙሓት ኣገሪሙ'ሎ።



ካብዚ ዝገደደ ግን፡ ኣብዚ ዝሓለፈ 60 ዓመት ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ኑብሱ ተሓጺቡ ከምዘይፈልጥ'ዩ ዝዛረብ። ካብቲ ዝተደርበየ ጎሓፍ ማእሪሩ ክምገብ እንከሎ፤ ኩቦ ወቒጡን ብወረቐት ጠቕሊሉን ከም ሽጋራ ናይ ምስሓብ ወልፊ'ውን ኣማዕቢሉ'ዩ። ይኹን'ምበር እዚ ጉዳመኛ ሸማግለ፡ ክሳብ ሕጂ ብጽኑዕ ከይሓመመ ገና ብህይወት ይቕጽል ምህላዉ ካልእ ዘገርም ጉዳይ ምዃኑ'ያ ኢራን ታይምስ ተነጽር።

በዓል ተራ ቤት መድሃኒት።- ፋርማሲ ማይተመናይ | ዕለት 17/01/2014 | ኣድራሻ ጐደና ዓዲ ኣቢይቶ ቁ.315፡ ከ/ቤተ ክርስትያን ኣቡነ ኣረጋዊ | ቊ.ስልኪ 08370134
ፋርማሲ ቊ.1 ብዘይካቲ መዓልታዊ እትህቦ ኣገልግሎት ምሉእ ለይቲ'ውን ክፍትቲ ኢያ። ኣድራሻ፡ ዞባ 1 ንኡስ ዞባ 02 ጐ. ናቕፋ ቊ.1። 127565